# ትልሚ 2ይ መንፈቕ ዓመት

# ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ

ጥሪ /2000 ዓ.ም

መቐለ

# ትሕዝቶ


| ተ.ቁ | ዝርዝር መደባት | ገፅ |
|---|---|---|
| | መእተዊ | 2 |
| I. | ቁልፊ መደብ | 5 |
| | • ምዕባይ ምፍፃም ዓቕሚ ቢሮና | 5 |
| | • መደባት ምምሕያሽ ሲቪል ሰርቪስ (CSRP) | 6 |
| | • መደባት ሰናይ ምምሕዳር (DLDP & GGP) | 9 |
| | • መደባት ፕሮግራም ህንፀት ዓቕሚ ምምሕዳር ከተማታት (UMCBP) | 15 |
| | • መደባት ኘሮግራም ምምሕያሽ ስርዓት ፍትሒ (JSRP) | 17 |
| | • መደብ ህንፀት ዓቕሚ ምህንድስና(ECPP) | 22 |
| | • መደባት መርበብ ሓበሬታን ቴክኖሎጂን(ICT) | 24 |
| II. | ዓበይቲ መደባት | 31 |
| | • መደባት ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ | 31 |
| III. | ንኡሳን መደባት | 37 |
| | • መደባት ህንፀት ዓቕሚ ፐብሊክ ሴክተር /PSCAP/ | 37 |
| | • መደባት ርክብ ህዝቢ | 40 |
| | • መደባት ስርዓት ፆታ | 43 |
| | • ምትእትታው ስርዓት ትልምን ፀብፃብን | 45 |
| IV. | ስርዓት ክትትልን ገምጋም | 46 |
| V. | መተግበሪ ትልሚ /ዝርዝር ሰደቓ/ | 48 |

## ትልሚ 2ይ ፍርቒ ዓመት ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ (ካብ1 ጥሪ -30 ሰነ 2000 ዓ/ም)

## 1) ራእይ (Vision)

*ሓይሊታት ልምዓት ኩለመዳያዊ ዓቕሞም ተሃኒፁ፤ ሰናይ ምምሕዳር፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን ዝተረጋገፀላ ምዕብልቲ ተግራይ ምርኣይ፣*

## 2) ልኡኽ/Mission/

ኣብ ክልልና ሰናይ ምምሕዳር፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ብብቕዓት ከረጋገፁ ዝኽእሉ ሓይሊታት ልምዓት ኩለመዳያዊ ዓቕሚ ምህናፅ፣

እዚ ልእኹ እዞም ዝስዕቡ መሰረታዊ ሓሳባት የጠቓልል።

- ሓይሊታት ልምዓት (መንግስቲ፣ ህዝቢ፣ ውልቀ ትካላትን ሲቪል ማሕበራትን) ኩለመዳያዊ ዓቕሚ ብምህናፅ ሰናይ ምምሕዳር፣ ልምዓትን ክነግስ ምግባር፤
- ፕሮግራማት ህንፀት ዓቕሚ ኣብ ኩለን ኣብያተ ዕዮን ክልልና ብምትእትታው ግልፅነት፣ ተሓታትነት፣ ቆጣባይን ቅልጡፍን ኣሰራርሓ ኣብያተ ዕዮ ምርግጋፅ፣
- ዘመናዊ ስርዓት ኣመራርሓ ሓይሊሰብ ብምትእትታው ብቑዑን ኣተሓሳስባ መገልገላይነት ዘለዎን ሰራሕተኛ መንግስቲ ምህናፅ።

## 3) እምነታት/Beliefs/

- *ብሉፅ መንግስታዊ ግልጋሎት ንህብ*
- *ብውፅኢትና ንሕተት*
- *መትከላት ሚሪት ንሕሉ*
- *ፍሉይ ጠመተ ንደቂ ኣንስትዮን ንጉድኣት ኣካላትን*
- *መርኣያ መትከላት ስነ - ምግባር ኢና*
- *ገምገምትናን ተገልገልትና*
- *ዘይመሃርን ዘይልወጥን ሰብ የብልናን*

## *4) ስትራቴጂክ ዕላማታት ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ*

- ልኡኹናን ዕላማታትናን ንምፍፃም ኩለ መዳያዊ ዓቕሚ ቢሮና ምህናፅ

- ዘመናዊ ስርዓት ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ብምትእትታው ዓቕሚ ኣብያተ ፅዮ ምህናፅ።
- በቢብርኩ ዝርከቡ ኣካላት ኣመራርሓ ዘመናዊ ኣመራርሓ ስራሕ ክህልዎም ብምግባር ዓቕሚ ኣብያተ ፅዮ ምህናፅ፣
- ዓቕሚ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብምዕባይ ኣተሓሳስባ መገልገላይነት ምህናፅ፡
- ዓቕሚ ሓይልታት ልምዓት ብምዕባይ ዘላቕነት ዘለዎ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ምርግጋፅ፡
- ንዕላማታትን ፕሮግራማትን ቢሮና ዘፈፅም ሃፍቲ ብምትእኽካብን ውፅኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ እናተጠቐምና ቀፃልነት ህንፀት ሓይሊታት ልምዓት ምርግጋፅ።
- ኩሎም ሓይልታት ልምዓት ናይ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብ ተጠቀምቲ ብምግባር ስሉጥ ግልጋሎትን ልምዓትን ንኽረክቡ ብምግባር ሰናይ ምምሕዳር ምርግጋፅ።
- ኣብ ክልልና ፕሮግራማት ህንፀት ዓቕሚ ብምትእትታው ዓቕሚ ሓይሊታት ልምዓት ምህናፅ ።
- መፅናዕትን ምርምርን ብምክያድ፣ ብሉፅ ተሞክሮታት ሃገርናን ዓለምናን ብምትእትታው ንመንግስቲ ሓሳባት ፖሊሲ ህንፀት ዓቕሚ ምቕራብ።

5. ኣንፈት ኣፈፃፅማ መደባት

ኣብ ዓመታዊ መደብ ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ዝርዝር ኣንፈታት ዝተቐመጡ ምኳኖም ግልፂ ኾይኑ ዝስዕቡ ነጥብታት ንትኩረት ጥራሕ ምጥቃም ኣድላይ ብምኳኑ ጥራሕ ክለዓሉ ተደላይ ኾይኑ ኣሎ።

- ተጣይሾም ዘለው ዝተፈላለዩ ወዳበታትን ተቐሪፁ ዘሎ ኣሰራርሓታትን ተግባራዉ ብምግባር ኣብ መወዳእታ እዚ ዓመት ዝላ ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ንምምፃእ ዓሊምና ንስርሕ
- ሰናይ ምምሕዳር ምንጋስ ዝከኣል ነቲ መርሕ ወዲብካ ብምንቅስቓስን ነቲ መደብ ኸምናቱ ወሲዱ ክትግብሮን ክትግበር ብሙሉእ ዓቕሙ ክንቀሳቐስን እንተሎ ምኳኑ ብምእማን ንኡኡን ንኡኡን ሒዝካ ምውፋር ግድን ዝጠልብ ምኳኑ

- መሰረታዊ ናይ ኣሰራረሓ ለውጢ (BPR) ኣብ ኩለን ኣካላት መንግስቲ ተግባራዊ ምግባርን እተን ቐደመን ዝጀመራ 11 ቢሮታት ዝተለወጣ ትካላት ክኾና ምስራሕን
- ብመንፅር መደባት ህንፀት ዓቕሚ መፍለይ /መምዘኒ/ ምንጋስ ሰናይ ምምሕዳርን ስሉጥ አገልግሎት ብኣንፃር ምሃብን፣ ፍትሒ ኣብ ምርግጋፅን ብሉፃት ዝበሃላ ጣብያታት፣ ኣብያተ ፅዮን መርኣያ ዝኾኑ ሓለፍትን ፊሊና እንፈልጦልን ናይ ዚኦም ፍፃመታት እንጋወሓሉ፣ ኣብ ህዝቢ ዝረአ ንልዋፊሉ ኣሰራርሓታት ምትእትታው ኸም ናይ ትኩረት ኣንፈትና እዩ።

## I. ***ቁልፊ መደብ***

**ኣብ ክልልና ኣብ ኩሎም ብርክታት መንግስቲ ድልዱል ትካላዊ ብቕዓት ብምህናፅ ልምዓት፣ ዴሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን ዘላቕነት ብዘለዎ መንገዲ ንምርግጋፅ ብኣሰራርሓ፣ ኣወዳድባን ሓይሊሰብን ምቹው ኩነታት ምፍጣር።**

**<u>ዝርዝር ቁልፊ መደብ</u>**

### *1. ምጥንኻር መደባት ምዕባይ ምፍፃም ዓቕሚ ቢሮና*

**ዕላማ 1፡-** ኩለመዳያዊ ትካላዊ ለውጢ ብምምፃእ ንዝተውሃበና ተልእኾ ብቑዓት ብምዃን ኣብ ክልልና ንዝካየድ ምንቅስቓስ ለውጢ ብዝግባእ ምምራሕ።

**ሽቶ 1፡-**ራእይን ልኡኽን ቢሮና ንምዕዋት ዘኽእል ዓቕሚ ኣፈፃፅማ ላዕለዎት ሓለፍትን ሰራሕተኛታትን ብምዕባይ ስትራቴጂታትን ፖሊሲታትን መንግስቲ ብኣግባቡ ዝፍፀመሉ ኩነታት ንምፍጣር መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ኣብ ቢሮናን ክልልናን ሙሉእ ብሙሉእ ተኣታትዩ፣

ዝርዝር ተግባራት

- ድልየት ተገልገልቲ ዘማልእ ስሉጥን ዕፉፍን ዝኾነ ኣዋህባ ግልጋሎት ኣብ ቢሮና ይኹን ኩለን ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ክህሉ መንፈስ በዓል ዋናነት ዝህልወሉ ኣገባብ ምምችቻው፣
- ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ብምጥቃም ተመሳሳልነት ዘለዎ ግልጋሎት ምስ ዝህቡ ኣብያተ ዕዮ ተወዳዳራይ ዝኾነ ኣመራርሓ ምፍጣር፣
- ኣብ ውሽጢ ክልል ህፁፅን ተኸታታሊ ዝኾነን ልምዓት ንምምፃእ ሰናይ ምምሕዳር ብምስፋን ስርዓት ዴሞክራሲ ብምጥንኻር ሰላም ንምምፃእ ከም መስርሕ ዘገልግል ንምዕባይ ዓቕሚ ላዕለዎት ኣመራርሓን ሰራሕተኛ መንግስትን ዝሕግዙ ለውጢ ኣወዳድባ፣ኣሰራርሓን ኣተሓሳስባን ዘምፅእ መስርሕ ምዝርጋሕ
- ክላላውን ብቢሮ ብርኪን ዝካየድ BPR ዝመርሕ ባዕሉ ዝኽኣለ ስትራተጂ፣ መተግበሪ ትልምን ቸክ ሊስትን ንባዕሉ ክኢሉ ይዳሎ።

ሽቶ 2፦ ሰራሕተኛታት ቢሮና ክልተ ሰሙናዊ መድረኻት ዓርሰ ምምህሃር ክረኽቡ ብምግባር ኣብ ዝተመደብሉ ዓውደ ስራሕ ብዓርሰ እምነት ውፅኢታዊ ስራሕ ሰሪሖም።

ዝርዝር ተግባራት

- ምስ ልኡኽ እቲ ቢሮ ዝዛመዱ ንምምህሃር ኣገደስቲ ዝኾኑ ርእሲታት ምምራፅ፣
- ኣብ ዝተመረፀ ርእሲ መቕረባይ ሰብ ምምራፅ ፣
- ንፁር መምሃሪ እዋን ምምራፅን ብኡ መሰረት ምትግባርን፣
- ነቲ ዝተኻየደ ምምህሃር ገምጊምካ ተሞክሮ ምውሳድ

ሽቶ 3 ፦ ኩሎም ሓለፍትን ክኢላታትን ቢሮና ኣብ ፕሮግራማት ህንፀት ዓቕሚ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ብምሃብ ዓቕሚ ምፍፃም ዓብዩ።

ዝርዝር ተግባራት

- ንስልጠና ዘድልዩ ፅሑፋት ምድላው፣
- ሰልጠንትን ኣሰልጠንትን ምድላው፣
- ስልጠና ዝካየደሉ እዋን፣ቦታን ፍልፍል በጀትን ምንፃር፣
- ስልጠና ምክያድ ምክትታልን ምግምጋምን

## 2. መደባት ምምሕያሽ ሲቪል ሰርቪስ

**ዕላማ 2**

ኣብ ክልልና ድልዱል ትካላዊ ብቕዓት ኣብ ኩሉ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ንክህሉ ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት፣ መስርሕ ውፅኢት ተኮር ቀፃልነት ብዘለዎ መንገዲ ንክጠናኸር ዘድሊ ፃዕሪ ምክያድ

ሽቶ1፦ ኣብ ክልልና ሙሉእ ብሙሉእ (100%) ዝተኣታተወ መሰረታዊ ናይ ለውጢ ኣመራርሓ ስርዓት

ሀ/ ናይ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ (BPR) ተኸታታሊ ፅንዓት ምክያድ

ለ/ ኣብ ሞንጎ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ (BPR) ዘካይዳ ኣብያተ ዕዮ መድረኽ ተሞክሮ ልውውጥ ምድላው፣

ሐ/ በብእዋኑ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ (BPR) ዝበፅሐሉ ብርኪ ምግምጋምን መስተኻኸሊ ሓሳብ ምሃብ

መ/ ብመሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ዝመፁ ለውጢታት ብIT ክድገፍ ፃዕሪ ምግባር

ሰ/ ኣብ መወዳእታ እዚ 6 ወርሒ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ (BPR) ዝምልከት ዝበፅሖ ብርኪ ጥማር ፀብፃብ ተዳልዩ ንዝምልከቶ ኣካል ምቅራብ

ረ/ ንባዕሉ ዝኸኣለ ዝርዝር ትልሚ ይህልዎ

ሽቶ 2፡- ኣብ ቢሮና ሙሉእ ብሙሉእ ዝተኣታተወ ፖሊስ ኣወሃህባ ግልጋሎት

ሀ/ ዘድልዩ ሓበርቲ ዕሑፋት ምትእትታው፣

ለ/ ባጅ ኣብ ኩሉ ሰራሕተኛ ምትእትታው፣

ሐ/ መበገሲ ስታንዳርድ ኣወሃህባ ግልጋሎት ቢሮና ምድላው፣

መ/ ተመሳሳልቲ ግልጋሎት ምውዳድን ናይ ክፍልታት ውሽጣዊ ትሕዝቶ ምስትኽኻልን

ረ/ ኣብ ሰራሕተኛታት ቢሮና ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት ናይ ምስራዕ ስራሕቲ ምስራሕ፣

ሰ/ ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት ምስ ስነ-ምግባር፣ መስርሕ ውፅኢት ተኮር ክተኣሳሰር ምፅዓር፣

ሸ/ ዳህሳስ ዕግበት ተገልገልቲን ሰራሕተኛን ቢሮና ምክያድ፣

ሽቶ 3፡- ኣብ ቢሮና ሙሉእ ብሙሉእ ዝተኣታተወ መስርሕ ውፅኢት ተኮር

ሀ/ ዝተማልአ ስርዓት ውፅኢት ተኮር ምትግባር፣

ለ/ ስርዓት ክትትል ክልተ ሰሙን ምትእትታው፣

ሐ/ ኣብ ውፅኢት ተኮር ስልጠናን ሓገዝን ምሃብ

መ/ ንሚዛናዊ ስኮርድ ካርድ/ BSC/ ዘድሊ ማተርያል ምትእልላሽ፣ ቐደመን ናብ ናይ ፈተና ስራሕ ንዝኣትዎ ቢሮታት ምስልጣን፣ ክትግበር ምግባር፣ ውፅኢቱ ፀሚቕካ ንኣጠቓላሊ ትግበራ ምድላው ምግባር

ሽቶ 4፡- ንባዕልና ዓቕምና ንምዕባይ ዝተወሰደ ስልጠናን ተሞክሮን

ሀ/ካብ ካልኦት ክልላት ኣብ ፅቡቕ ዝተግበሩ ቢሮታት ዘሎ ብሉፃት ተሞክሮታት ብምፅማቕ ኣብ ቢሮናን ኻልኦት ቢሮታትን ክትግበር ፀሚቕካ ምብታን፣

ለ/ ኣብ ኣተኣታትዋን ዳታን ኣተናትናን ዝሕግዝ ሓፂር ስልጠና ምውሳድ፣ ኣብ ቢሮ ዝነበረ ዓቕሚ መሊሱ ከጥሪ ምግባር

**ዕላማ 3**

ፕሮግራም ምምሕያሽ ሲቪል ሰርቪስ ኣብ ክልልን ኣብያተ ዕዮን ወረዳ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ተጠናኺሩ ንክኸይድ ሓገዝን ክትትል ምግባር

ሽቶ 1፡- ተጠናኺሩ ዝቐፀለ ኣንፈታት ኣፈፃፅማ ፖሊሲ ኣወሃህባ ግልጋሎት

ሀ/ ዘድልዩ ሓበርቲ ፅሑፋት ምትእትታው፣

ለ/ ባጅ ኣብ ኩሉ ሰራሕተኛ ምትእትታው፣

ሐ/ መበገሲ ሰታንዳርድ ኣወሃህባ ግልጋሎት ኣብያተ-ዕዮ ምድላው፣

መ/ ተመሳሳልቲ ግልጋሎት ምውዳድ፣

ረ/ ኣብ ኣብያተ-ዕዮታት ኣወሃህባ ግልጋሎት ክጭበጥን ሙሉእ ብሙሉእ ክትግበረን ምስራሕ

ሰ/ ኣወሃህባ ግልጋሎት ምስ ስነ-ምግባር፣ መስርሕ ውፅኢት ተኮር ተኣሳሲሩ ክፍፀም ምግባር

ሸ/ ዳህሳስ ዕግበት ተገልገልቲ ኣብያተ-ዕዮ ምክያድ፣ ናይ ወረዳታት ፀሚቐካ ዝንባለታት ምንፃር ተሞክሮታት ፀሚቕካ ክዝርጋሕ ምግባር

ሽቶ 2፡- ኣብ ክልልን ወረዳን ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ሙሉእ ብሙሉእ ዝተኣታተወ መስርሕ ውፅኢት ተኮር

ሀ/ ዝተማልአ ስርዓት ውፅኢት ተኮር ምትግባር፣

ለ/ ክትትል ክልተ ሰሙን ምትእትታው፣

ሐ/ ኣብ ውፅኢት ተኮር ሓገዝን ንክትትልን ምግባር

## *3. መደባት ዘይምእኩል ምምሕዳር ገፀርን ተግባራት ሰናይ ምምሕዳርን (DLDP and GGP)*

**ቁልፊ ተግባር**

**ፖኬጅ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኩሎም ብርክታት ምምሕዳርን ኣካላት መንግስትን ተግባራዊ ምግባር**

**ዕላማ 4**

**ሰናይ ምምሕዳርን ዴሞክራሲያዊ ተሳትፎን ህዝቢ ምሕያል /ምዋንኻር/**

ሽቶ 1 ፦ ብወረዳን ጣብያ ብርኪ ዝተዳለወ ትልሚ ሰናይ ምምሕዳር

ተግባራት

- ናይ ክልል ትልሚ መሰረት ዝገበረ ትልሚ በብወረድኡ ይዳሎ
- ዝርዝር ኦሬንተሽን ንጣብያ ፈፀምትን ስራሕ መካየድትን ይውሃብ
- ብጣብያ ብርኪ ዝቁፀራ መደባት ሰናይ ምምሕዳር ይንፀራ
- ቸክ ሊስት በብብርኪ ይዳሎ

ሽቶ-2 ዝዓገበ ህዝቢ ብምፍጣር ስሉጥ ልምዓት ኣብ ምምፃእ ዓቅሙ ፀንቂቑ ዝሳተፍ ሕ/ሰብ ምፍጣር

ተግባራት

- ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ዝላ ኣብ ምምፃእ ቁልፊ ተራ ንዘምፅኡ ናይቲ ሕ/ሰብ መሪሕ ኣካላት መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን መፈፀሚ ተባሂሎም ዝተዳለው መምርሕታት ክመያይጥ ምግባር
- በብብርኩ ዘለው ቤት ምኽርታት /ክልል፣ ወረዳን ጣብያን/ ክጭብዎን ኣብ ኣፈፃፅምኡ ዘሎ ፀገማት ክዛተዮን ኣብ ምፍትሑ ክሳተፍን ምግባር
- መራሕቲ እቱ ሕ/ሰብ ተግበርቲ እዚ መደብ ምኻኖም ምክትታል

ሽቶ 3 ብብርኪ ወረዳን ጣብያን ፖኬድ ሰናይ ምምሕዳር ዘፈፅሙ ኣዋጃት፣ መምርሕታት፣ ኣወዳድባ ሓይሊ ሰብን ተግባራዊ ምግባር

ተግባራት

- ናይ ትልሚ፣ ኢንስፐክሽንን ድጋፍን መሓውር ምፍጣር፣ ሰብ ሞያ ምምልማል፣ ኣሰልጢንካ ናብ ተግባር ክኣትው ምግባር
    - ማንዋል ኣመዓራርኻ ምፅዳቕ

- ካብ ኸልል ክሳብ ወረዳ ቐወምቲ ሰራሕተኛታት ምምዳብ፣ ምስኦም ተጣሚሮም ዝወደቡ ምንፃር ሓቢሮም ክሰርሑ ምግባር
- ብብርኪ ጣብያ ካብ ማሕበራትን ቤት ምኽርታትን ብዝምረፁ እቲ ወዳበ ምፍጣር፣ ስርሑ ክጅምር ምግባር
- በብ ብርኩ ምስ ዘለው ናይ ቤት/ምክሪ ቐዋምቲ ኮሚቴታት ናይ ሓባር መድረኽ ክህልዎም ምግባር
- እቲ ጉጅለ ኣብ ትሕቲ ሀንፀት ዓቕሚ ኾይኑ ክውደብ ምግባር
- ኣብ ኣካይድኡ ዝምልከት ዘይፀረዩ ነገራት ተኸታቲልካ ምፍላጥ፣ መስተኻኸሊ ስራሕ ምስራሕ

- ናይ ጣብያ ስራሕ መካየድቲ ሙሉእ ብሙሉእ ናብ ስርሖም ክኣትው ምኽትታል
    - ካብ 10ይ ክፍሊ ንታሕትን ነቲ ረቁሒ ዘየማልኡን ከይህልው ምርግጋፅ፣ እንተዘይኾይኖም ምትዕርራይ
    - በብወረድኡ ናይ ስርሖም ዝርዝር ኦሬንተሽን ክወሃቡ ምግባር
    - ኣብ ዝምድናን ተፀዋዕነትን የጋጥም ዘሎ ፀገማት ምፍታሕ
    - ፅቡቕ ስራሕ ናይ ዝጀመሩ ፀሚቕካ ናብ ኩሉ ክብተንን ንኡኡ መሰረት ተገይሩ ስራሕቲ ክስራሕን ምሕጋዝ
    - ዝተዳለው ቅጥዕታት በብ ጣብይኡ ክብተኑ ብምግባር ሕ/ሰብ ማመልከቻ ሒዙ ከይመፅእ ምግባር /እተን ቅጥዕታት ሕ/ሰብ ብዋናነት ንዘልዕለን መሰረት ገይርን ዝዳለዎ ይኾና/
    - ብዘይ ሕጋዊ ቅብሊት ዝኾነ ገንዘብ ምቕባል ጠጠው ክብል ምግባር
    - ንተገልገልቲ ጒይታይ እምበይተይ ኢሉ ካብ ምቕማጡ ብድድ ኢሉ ክቕበል ምግባር።

- ናይ ጣብያ ኣወዳድባ ምትዕርራይ
    - ብመምርሒ ፖኼድ ሰናይ ምምሕዳር መሰረት ድሕሪ መረፃ ይግበር
    - ምድላው ዝግበር ዘሎ ምኻኑ ይረጋገፅ

- ቤት/ምኽርታት በቲ ፀዲቑ ዘሎ መገደዲ ሕጊ መሰረት ኣሰተፍቲ ክኾና ምክትታል
    - ካብ ህዝባዊ ማሕበራት ክሳተፍ ምግባር

- ሰናይ ምምሕዳርን ስሉጥ ግልጋሎትን መዛተይ ክኸውን ምግባር
- ማ/ቤ/ፍርዲ ስሩዕ ሪፖርት ዘቐርበሉ ኣሰራርሓ ምትእትታው
- ናይ ጣብያ ትልሚ፣ ኢንስፐክሽንን ድጋፍን ኣብቲ ጉባኤ ተረኺቦም ትዕዝብቶም ክገልፁ ምግባር

- ናብ ጣብያ ዝውርድ መደባት ብተናፀል ከይኾኑ ምግባር
  - ናብ ጣብያ ዝወርድ መደባት ተዋዲዶምን ኣብ ሓደ ተማእኺሎምን ዝወርድሉ ስርዓት ተግባራዊ ምግባር
  - እዙይ ኣብ ምግባር'ውን ፋይናንስን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ኣብ ትሕቲኡ ዘለው ናይ ትልሚ ሰብ ሞያ ብሓላፍነት ክወስድዎ ምግባር፣ ምስ ጉጅለ ትልምን ኢንስፐክሽንን ሓቢሮም ክስርሑ ምውዳድ
- 4ቲኦን ዝተፈላለያ ኮሚቴታት ተጣይሸን ስርሐን ክጅምራ ምግባር
  - ኮሚቴ ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ትልምን ቁፅፅርን /ኢንስፐክሽን/፣ ፀጥታ ፍትሕን ምምሕዳርን ልምዓትን
  - ስራሕን ሓላፍተን መሰረት ገይሩ ኦሬንተሽን ይወሃብ።
- ተዳልዮም ዝተወደኡ መምርሕታት ተጠሪዞም ክሳብ ጣብያ ክወርድ ምግባር
  - መምርሒ ጉዳያ ተቐባልን ዴስክ ሓበሬታን፣ ቅሬታ መተኣናገዲን መፍጠር ሞደል ሓረስታይን
  - መምርሒ ኣወሳስና መሃያ ተሸወምቲ መተኣናገዲ ጥርዓን ቅርታን ኣወሃህባ ግልጋሎትን
  - ናይ ሚሊሻ ሕግታትን መሰላትን ዝምልከት
- ኣብ ምድላው ዝርከብ ኣዋጃት፣ ደንብታትን መምርሒታትን ተዳልዮም /ብዝምልከት ፀዲቑ/ ናብ ስራሕ ክውዕሉ ምግባር
  - ኣዋጅ ዝርዝር ስራሕን ሓላፍነትን ጣብያ
  - መምርሒ ኣሰራርሓን ኣወዳድባን ጣብያ
  - ስራሕን ሓላፍነትተን ኮሚቴታት ጣብያ
  - መምርሒ ኣወሃህባ ደረጅኡ ዝሓለወ ግልጋሎት (Minimum service delivery standard)
  - መምርሒ ኣተኣኻኽባን ኣጠቓቕማን እቶት ገጠር ጣብያ

- ኣብ ብርኪ ወረዳን ጣብያን መሳለጥያን ሪፖርት መግበርን ክኸኑ ዝኽእል ዝተፈላለዩ ቅጥዓ ቅጥዒ /ማመልከቻን ምዕሕሓፍን ዘትርፍ ባዓል ጉዳይ ዝጥቀመሎም'ውን ሓዊሱ/

- ንወረዳ ኣመራርሓ ደረጅኡ ዝሓለወ ናይ ኣገልግሎት ኣወሃህባ መምርሒ መሰረት ገይርካ ስልጠና ይውሃብ
  - በብዞብኡ ዝግበር ይኸውን
  - ስልጠና ምምሕዳር ፀገማትን ኣብ ምፍትሑ ዘለዎም ብፅሒትን'ውን ሓቢርካ ይረአ

- ንመሪሕ ኣካላት ዝውሃብ ናይ 1 ማዓልቲ ስልጠናን ገምጋምን
  - ናይ ሰናይ ምምሕዳር ኣድላይነትን ኣብ ኣፈፃፅምኡ ዘጋጥሙ ዘሎ ፀገማትን መሰረት ዝገበረ ይኸውን
  - ምንጋስ ሰናይ ምምሕዳር ናይቲ መሪሕ ተግባር ምዃኑ ተረዳዲኡኻ ምውፃእ
  - ንፁር መደባት ሒዞም ክውፍሩ ምግባር

ሸቶ 4 ፦ ኣብ ፖሊስታትን ስትራተጅን መንግስቲ፣ ኣብ ትሕዝቶ መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን ዝተዳለው መምርሒታትን ማንዋላትን ስልጠና ብምሃብ ስሉጥ ግልጋሎት ምሃብን ሰናይ ምምሕዳር ምዕሳልን

ዝርዝር ተግባራት

- ንስራሕ መካይቲ ጣብያ ስልጠና ምሃብ
  - ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ልምዓት፣ ዲሞክራሲያዊ ሓድነትን ፖሊሲ ህንፀት ዓቕምን
  - ኣብ ዝተዳለው ኣዋጃት፣ መምርሕታትን ዝተፈላለዩ ቅጥዓ ቅጥዕን መሰረት ዝገበረ ይኸውን።
  - ዝካየደሉ ቦታ ጊዜን ተነጺሩ ይለኣኽ።

- ንዝተወደቡ ጉጅለ ትልሚ ቁፅፅርን ክትትልን /ኢንስፐክሽን/ ወረዳ ስልጠና ምሃብ
  - ስራሕን ሓላፍነትን ዝምልከት ብዝተዳለወ ማንዋል መሰረት
  - ኣድላይነት ዘይምእኹል ምምሕዳርን መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን

- ክሳብ ሀዚ ብፌደራል ዝተኻየደ ኢንስፐክሽን ውፅኢቱን ዘሎ ተሞክሮን /ናይ ትግራይ ብፍላይ ብፅሑፍ ይወሃቦም/
- ጊዜ ቦታን ይንፀር።

- ን136 ወረዳ ጠርነፍቲ ማሕበራት ደ/አንስትዮን መናእሰያትን ምስልጣን
  - ኣብ ሰናይ ምምሕዳር መሰረት ዝገበረን ምስ ኤች ኣይቪ ዝተዛመደን ይኸውን
- መሊኦም ዝተጣየሹን ናብ ተግባር ዝኣተውን ጉዳይ ተቐባልን ቅርታ መተኣናገዲን ዴስክ ሓበሬታን ወረዳን ጣብያን
  - ዘየጣየሻ ወረዳታት ፈሊኻ ብቅልጡፍ ክጣየሽ ምግባር
  - ቐዋሚን /ብመደብ መፍለይ ዝፍጠር/ ብቑዕን ሰብ ክምደብ ዝገበአን ቤት ፅ/ዋና ኣማሓዳሪ፣ ፋ/ኢ/ልምዓትን ሕርሻን ገፀር ልምዓትን ክትግበርኦ ምኽትታል
  - ብተደራብነት ዝምድባ'ውን ሽማዊ ኸይኾውን ምኽትታል፣ ገምጊምካ ክመዓራረይ ምግባር
  - ሓፂር ስልጠና ብወረዳ ብርኪ ክውሃብ ምግባር
- 100% ህዝቢ ዝግልገለሉ ሓሳብ መውሃቢ ሳንዱቕ ክህልው ምግባር
  - ኣብ ወረዳን ጣብያን ኣብ ምምሕዳራትን መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ይህሉ
  - በብሰሙኑ ተኸፊቱ ኣብ ዝቐረቡ ጉዳያት መሰረት ዝገበረ ግብረ መልሲ ይወሃብ
  - ውፅኢቱ መሰረት ዝገበረ ስጉምታትን ምስትኽኻላትን'ውን ይግበር
- ውሳነ ብፅሑፍ ምሃብ በብ ብርኩ ተግባራዊ ይግበር

ሽቶ 5 ፦ ህዝቢ ተዛትዮን ምርድዳእ ፈጢሩን ልምዓታዊ ንጥፈታት ውልቁን ሓባርን ክፍፅም ኪኢሉ

ተግባራት

- ካብቲ ዘለና ሞዴል ሓረስታይ ብፍርቂ ዝውሰኽ በቲ ረቛሒ መሰረት ተመልሚሉ
  - ኣብ ልምዓት ጉጅለታት ተወዲቡ ክንቀሳቐስ ኺኢሉ
  - እቲ ምልመላ ኣብ ፖኬጅ ሰናይ ምምሕዳር ብዝተቐመጠ ኣገባብ-ክፍፀም ይግበር

- እቲ ምልመላ ብተሳትፎ ህንፀት ዓቕሚ ክግበር ምስ ሕርሻን ገፀር ልምዓትን ዝምልከቶም ኻልኦት ኣካላትን ሓቢርካ ይስራሕ
- ሕፅያት ሞዴል ሓረስቶት ክፈርዩ፣ ባዕሉን ቤተሰቡን ናብ ልምዓታዊ ንጥፈታትን ሰናይ ምምሕዳርን ክኣትው ይገብር
- ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊ'ውን ሰላም ናይ ምርግጋፅ መደባት ብድሌት ህዝቢ ክኸውን ብኣብነትነት ይወሳእ፣ ዝመፁ ፀቕጥታት ይቃለስ፣ ይቃወም
- ብሉፃት ተሞክሮታተ ተጠርኒፎምን ተፈልዮምን ናብ ኻልኦት ክመሓላለፍ ይግበር።

- ሞዴል ጣብያታት ክበራኽታ ምግባር /216 ዝነበራ ኣብ መወዳእታ ዓመት ብ1/3 ክውሰኽ ምግባር/
  - ብስራሕቲ ሰናይ ምምሕዳርን ኣጠቓላሊ ናይ ዓቕሚ ህንፀት መደባት ሞዴል ትበሃል /ዝበሃላ/ ቤት ፅሕፈታት፣ ጣብያታት፣ ማ/ቤ/ፍርዲ፣ ስራሕ መካየዲ ወዘተ/ ምፍላይ ወዲብካን ጠርኒፍካ ንኻልኦት'ውን መምሃሪ ምግባር

- ሞዴል ኸባቢ /መንደር/ ምፍጣር
  - ታይ ማለት እዩ፣ ረቋሕታቱ ታይ ይኹኑ ምንፃር
  - መሰረት ልምዓት ኣብ ሓደ ኸባቢ እናተኣኻኸበ ክህነፅ ምግባር
  - ናይ መንግስቲ ኣካላት ኣብቲ ማእኸል ዝጠርነፍሉ ኣሰራርሓታት ብምትእትታው ስሉጥ ግልጋሎት ክህበሉ ዝኽእላ ኩነታት ምምችቻው
  - ዝተወሰኑ ረቋሒታት ብምውፃእ ኸይዲ ምኽታም ደረጅኡ ዝሓለወ ክኸውን ምግባር /ምስ ኣብ ወረዳ ዘለው ሰራሕተኛታት ልምዓት ኸተማ ብሓባር ምስራሕ/

ሽቶ 5 ፦ ሰናይ ምምሕዳር ክስፍን ቐፃሊ ኽትትል፣ ድጋፍን ናይ ተሞክሮ ልውውጥን ብምግባር ክዓሙቕ ምግባር

ተግባራት

- መከታተሊ መዘርዝር ምድላው /ቸክ ሊስት/
  - ወረዳታትን ጣብያታትን ፈሊኻ ዳህሳስ ብኣካል ምኽያድ
  - ተሞክሮታት፣ ፀገማትን ፈሊኻ ምሓዝ፣ ምትንታንን ምውዳብን

- ዝተረኸቡ ተሞክሮታት ናብ ኩሉ ክዝርጋሕ ምግባር
- ዕቡቕ ተግባራት ብኣካል ብዝተፈላለዩ ኣካላት ክጉብኑ ምግባር
- ዕቡቕ ተግባር ንዝፈፀሙ ውልቀሰባት፣ ኣካላትን ውዳበታትን ኣፍልጦ ምሃብ

- ዞባታት፣ ቢሮ ህንፀት ዓቕምን ወረዳ ብውድብ መልክዕ ኣብ 3 ወርሒ ሓደ ጊዜ ዑደት ክካይድ ምግባር
- 2 ወረዳ ካብ ዞባን 2 ጣብያ ካብ ሓደ ወረዳን ይረኣያ /ብሉፅ ስራሕቲ ዘለወንን ዝደኸማ ዘባሃላን/
- ውፅኢት ብፅሑፍ ናብ ኩሉ ይብተን
- ተሳትፎ ደ/ኣንስትዮን መናእሰያትን ኣብ ቤት/ምኽርታት ክዓቢ ምግባር
    - ደ/ኣንስትዮ 50%
    - መናእሰያት ልዕሊ 30%

## 4. መደባት ፕሮግራም ህንፀት ዓቕሚ ምምሕዳር ከተማታት (UMCBP)

**ዕላማ 5**

*ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ብምዕባይ ሰናይ ምምሕዳርን ስሉጥ ግልጋሎትን ኣብ ኸተማታት ክረጋገፅ ምግባር*

ሽቶ 1 ፦ ንኡስ ፕሮግራም ምዕባለ ሓይሊ ሰብ ብዝተማለአ መንገዲ ተግባራዊ ምግባር

ተግባራት

- ካብቲ ንኡስ ፕሮግራም ዝብገስ ባዕሉ ዝኸኣለ ትልሚ ምድላው
- ነዙይ ብዋናነት ዝከታተል ባዓል ቤት ምንፃር
- ናይ ማዘጋጃ ቤታት ዝተገበረ ድልድል ስዒቡ ዝመፀ ክፍተት ቐልጢፍ ክማላእ ምግባር
    - ዝተንሳፈፉ በቲኦም ክሕዙ
    - ስልጠና ምሃብ
- ዘመናዊ ኣሰራርሓ ኣብ ምምሕዳር መሬት ኣብ ዓበይቲ ኸተማታት ምትእትታው

- ናይ ኢንስፐክሽን ጉጅለ ብምውፋር ብቐረባ ድጋፍ ምሃብ

ሽቶ 2 ፡- ፖኬጅ ኽተማታት ክትግበር ኽትትልን ድጋፍን ምግባር

ተግባራት

- ናይ 2000 ትልሚ ኣጠቓቕማ ፒስካኘ ነቲ ፖኼጅ ኣብ ምፍፃም ዘድሃበ ምዃኑ ምኽትታል
- በቲ ፖኬጅ ዝተነፀሩ ማንዋላትን መምርሕታትን ክዳለውን ክትግበሩን ምስራሕ
- እቲ ፖኼጅ ክጭበጥ ቐፀልቲ ስልጠናታት ንበብደረጅኡ ዘለው ኣመራርሓን ህዝብን ምሃብ
- ስትሪንግ ኮሚቴ ተጠናኺሩ ክኸይድ ብፅሒትና ምልዓል

ሽቶ 3፡- ኩለን ማዘጋጅ ቤታት /100%/ ምምሕዳር ሓይሊ ሰብን ናብ ስቪል ሰርቪስ ምምሕዳር ንኽኣትዎ ምስራሕ

ተግባራት

- ዝተሰርሑ መሓውራት ዘለዎም ፀገማት ፈቲሽካ መፍትሒ ምግባር
- ተደለይቲ መምርሒታት ናብ ኩለን ኣብያተ ፅዮ ተጠሚሩ ክበፅሕ ምግባር
- ሓበሬታ ዴስክ፣ መተኣናገዲ ቅሬታ፣ ሓሳብ መወሃቢ ሳንዱቕን ዝተፈላለዩ ኮሚቴታት /ምልመላን መረፃን፣ ጥርዓን ኮሚቴን ዝመሳሰሉን/ ክጣየሹን ሓፂር ስልጠና ክውሃቦምን ምግባር

## *5. መደባት ኘሮግራም ምምሕያሽ ስርዓት ፍትሒ ብዝተጠናኸረን ዝተዋደደን መንገዲ ምትግባር*

*ዕላማ 6*

ዘመናዊ ኣሰራርሓን መትከል ግልፅነትን ተሓታታይነትን ክታኣታቶ ብምግባር ዝረወየ ሕ/ሰብ ምፍጣርን ሕገ መንግስታዊ ስርዓትና ሱር ክሰድደን ምግባር

ሽቶ -1 ግቡእ ስርሑ ዝስርሕ መተሓባበሪ ኮሚቴ ተወዲቡ

ዝርዝር ተግባራት

- ብዝፀደቐ መምርሒ መሰረት ኣብ ኽልል፣ ዞባ፣ ወረዳን ጣብያን ብርኪ ተጣይሹ
- መጣየሺ መምርሒ ብኣካቢ ላዕለዋይ ኮሚቴ ናብ ብርኩ ክበፅሕ ምግባር
- ናይ ኩሉም ኣባላት እዚ ኮሚቴ ትልሚ ተዳልዩ ይፀድቕ፣ ተጠሚሩን በብኣካሉን ነናብ ዝምልከቶም የውርድ። /እቲ ትልሚ ካብቲ ኘሮግራም ዝገብስ ይኸውን/
- መከታተሊ ቸክ ሊስት ይዳሎ
- በብ ብርኪ ዘሎ መተሓባበሪ ፍትሒ ብዝተወደበ መልክዑ ነቲ ቸክ ሊስት ሒዙ ናይ ተግባር ዑደት ይገብር
- ስሩዕ ኣኼባታት በብወርሑ ይገብር፣ ፀብፃባት ይቕበል፣ ግብረ መልሲ ይህብ

ሽቶ-2 ናይ ፍትሒ ኣካላት መስልጠኒ ማእኸል መገልገሊ ሕ/ሰብን ንሕገ መንግስቲ ዝጣበቑን ብቑዓት ሰብ ሞያ ከፍሪ ዝኽእል ትካል ምግባር

ዝርዝር ተግባራት

- እቲ ትካል ስሩዕ ቁመና ክህልዎ ዘግብር ኣወዳድባ ምፍጣር
- ኣባላት መተሓባበሪ ኮሚቴ እቲ ትካል ብኣግባቡ ክመርሕዎ ምኽትታል
- ሕፁያት ሰብ ሞያ ሕጊ ትዕቢት ዝግበረሎም ብቕዓት ሒዞም ንኽመፁ ተኸታታላይ ህንፀትን ናይ ምዕራይ መስርሕን ተግባራዊ ዝኸውን ዘሎ ምኻኑ ምርግጋፅ
- ብፈተና ክምዘኑ ዘግብር ስርዓት ምትእትታው

- ባዕሉ ዝኸኣለ ትካል ንምግባር ቅድመ ምድላዎት ምግባር
- ኸልል ዓፍር ተጠቀምቲ እዚ መደብ ክኾኑ ብሓባር ምስራሕ

ሸቶ - 3 ኣብ ሕገ መንግስትን መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን ፍልጠት ሰብ ሞያ ዘዕቢ ስልጠናታት ምሃብ

ዝርዝር ተግባራት

- ናይ ፖሊስ መርመርቲ ዓቕሚ ዘዕቢ ተኸታታሊ ሓፀርቲ ስልጠናታት ምሃብ
- ናይ ሚሊሻ ኣመራርሓ ዓቕሚ ዘዕቢ ስልጠናታት ምሃብ
- ድጋፍ ውሃብቲ ቤት/ፍርዲ ኣብ ሰሌጠንን ፍትሓውነትን ተርኦም ክፃወቱ ሓፂር ስልጠና ምሃብ
- ከካብ ወረዳኡ 3 ሓደሽቲ መሁራትነ መናእሰያትን ምልመላ ፖሊስ ምድላው ምስልጣን፣ንዓፍር'ውን ምሕጋዝ
- ዝርዝሩ ምስ ኩሎም ኣካላት ፍትሕን ቤ/ፅ/ቤት ምኽርን ብምዃን ዝንፀር ይኸውን

ሸቶ-4 ሰሉጥን ፍትሓውን ግልጋሎት ፍትሒ ዝውሃብ ዘሎ ምዃኑ ምርግጋፅ

ዝርዝር ተግባራት

- ንምንጋስ ሰናይ ምምሕዳር ዕንቅፋት ይኾኑ ኣብ ዘለው ጉዳያት ፈሊኻ ምስራሕ /ኣብነት መሬት/
- ናይ ማ/ቤ/ፍርዲ ዳያኑ ብመናእሰያትን ሙሁራትን ንምቕያር ምድላዎት ምግባር /ምምልማል ምስልጣን/
- ቪድዮ ኮንፈረንስን ተጠቒምካ ዝግበር ዳኝነት ተጠናኺሩ ክቕፅል ምግባር፣ ዝውሃበሉ ማዓልታትን ቦታን ምውሳኽ
- ጉዳያት ብዕርቅን ሽምግልናን ዝወድእሉ ስርዓት ክጠናኸር ምግባር
- ሰሉጥ ናይ ተዘዋዋሪ ችሎት ኣሰራርሓ ምትእትታው

- ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ኣብ ስነ ምግባር ዝጉደሎም ዳያኑ ትርር ዝበለ ስጉምቲ ክውሰድ ምግባር፣ ስሩዕ ክትትልን ናይ ሜዳ ገምጋምን ክገብር ምስራሕ /ኣብነት ደቡባዊ ትግራይ ዝረአ ዘሎ ሕቶታት ቅልጡፍ መዕለቢ ምግባር
- ክለር ኮድድ ፋይል ስርዓት ኣብ ኩለን መብራህቲ ዘለወን ችሎታት ክተኣታቶ ምግባር
- ዘመናዊ ኣተሓሕዛ መረዳእታ ኣብ ኩለን ቤት /ፍርድታት ተግባራዊ ምግባር
    - ኽይዲ ፍርዲ ብቓልን ምስልን ምምዝጋብ፣ ናብ ኮምፒተር ብምቕያር ቅልጡፍ ናይ ፅሑፍ ምላሽ ምሃብ
    - ሰብ ጉዳይ መረዳእታ ብዕሊ ዝርኽበሉ ስርዓት ምትእትታው
    - ዝተፈላለዩ ቅጥዕታት ብምድላው ብፀሓፍቲ ማመልከቻ ዝበፅሕ ናይ ሰብ ጉዳይ ክርተት ከይህሉ ምግባር /መሕተቲ ይግበኣኒ፣ ዋሕስ፣ ትእዛዝ እገዳ፣ ቅዳሕ ይወሃበኒ ወዘተ/
    - መከታተሊ ጉዳይ ይኹን ፋይልካ ትከታተለሉ ካርዲ ኣብ ስራሕ ምእታው
    - ቆፀሮ ብማዓልቲ ዘይኾነስ ብሰዓት'ውን ተነፂሩ ዝንገረሉ ስርዓት ምትእትታው
- ሓሳብ መውሃቢ ሳንድቕ ሰብ ጉዳይ ብኣግባቡ ክጥቀምሉ በብማዓልቱ ምስትምሃር ባሕሪ መዝገብ ተዳልዩ ሪኢትኦም ዝገልፅሉ ስርዓት ምትእትታው
- መጥወውቲ ኣዴታተን ናይ ኣካል ፀገም ዘለዎም ኣካላትን ቅድሚያ ግልጋሎት ዝረኽብሉ ኣካይዳ ምትእትታው /ዘዕርፍሉ ቦታ ምድላው፣ ክሳብ ተርኦም ዝበፅሕ ኣስተምህሮ ዝረኽብሉ መደብ ምሕንፃፅ/
- ኢድ ብኢድ ዝተትሓዘ ብሓደ መዓልቲ ውሳነ ዝርኽበሉ ስርዓት (Real time dispatch) ምትእትታው
- ኩሉ ሰራሕተኛን ዳኛን ባድ ኽገብር ምግባር
- ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕ/ሰብ ኽይዲ ፍትሒ ኣመልኪቶም ሪኢቶታት ዝህብሉ ቸፃሊ /በብ 3 ወርሒ/ መድረኽ ክህሊ ምግባር

- ዓበይቲ ዓዲ፣ መሁራት፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ተወከልቲ ዝተፈላለዩ ውዳበታትን ፍሉጣ ውልቀሰባትን
- ኣጠቓላሊ ፍትሓውን ሱሉጥ ኣገልግሎት ብዛዕባ ምሃብ ዝረኣዮም ዝገልፅሉን ትዕዝብቶም ዝገልፅሉን ስርዓት ገይርካ ምጥቃም።

ሸቶ -5 ፀጥትኡ ሕልው ኣብ ምግባር ዝሳተፍን ልቡ ኣውዲቑ ናብ ልምዓት ዝውፍርን ሕ/ሰብ ምፍጣር

ዝርዝር ተግባራት

- በብኸተምኡ ምስ ዘይፅቡቓ ተላድ ዘሎ ሓይሊ ፀጥታ ፈሊኻ ናብ ሓፀርቲ ገምጋማትን ምፅራይን ብምእታው ብኡ ዝሓለፈ'ውን ክተሓናፈፀ ምግባርን
- ብተሳትፎ ህዝቢ ዝትግበር ናይ ወንጀል ምኽልኻል ስርዓት  ኣብ ኩለን ወረዳታት ማለት ኣብ ልዕሊ 50% ጣብያታት ተግባራዊ ምግባር (Community policy)
- ጕንፂ ዝኣልዩ ወንጀል ዝከላኸሉ ኮሚቴታት ምጥንኻር፣ ናይ መናእሰይ ሰነ ምግባር ዝከታተልን ናብ መስመር ዘእቱን ምስ ሓይሊ ፀጥታ ሓቢሩ ዝሰርሕን ውዳበታተ ምፍጣር
- ሓፀርቲ በረርቲ ዕሑፋት ምድላውን ምብታንን፣ ኣብ ድ/ወ/ት ተቋሪፁ ዝነበረ ዓምዲ ክቕፅል ብምግባር ግንዛበ ህዝቢ ክዓቢ ምስራሕ
- ሚሊሻ ዓቕምታቱ ከዕብን ንፁር ኣወፋፍራን ክህልዎ ብምግባር ኣብ ምርግጋፅ ሰላም ተርኡ ክፃወት ዘግብር መደብ ምትግባር
- ኣብ ቤት ህንፀት ክሰርሑ ዝተሓሰቡ ናይ ምምሕያሽ /ሪፎርም/ ፍትሒ መደባት ተግባዊ ብምግባር ናብ ወንጀል ዳግም ዘይምለስ ዝተሃነፀ ዜጋ ዝፈጥረ ክኾና ምግባር

ሸቶ-6 ኣፈፃፅማ ስራሕ ዓቀብቲ ሕግን ዳያኑን ዝዐቅን መለክዒ ተተግቢሩ

ዝርዝር ተግባራት

- ዓቀብቲ ሕጊ ካብ ዝቐርብ መዛግብቲ /ካብ ፖሊስ/
    - ብቕልጡፍ ናብ ኽሲ ዝቐረበ ----- % ይኸውን
    - ካብ ዘቕረቦም ዝረትዓሎም ---- % ይኸውን

- ብእዋኑ ኣፃሪኻ ምቕራብ ብእዋን ይግለፅ

- ናይ ቤት ፍርዲታት መለክዒ
    - መጠን ዝተኣከበ መዛግብቲ
    - ናይ ምዕራይ ዓቕሚ
    - ዝተኾመሩ መዛግብቲ ምቕናስ
    - ዕድመ መዛግብቲ
    - ናይ ምፍፃም ጊዜ
    - ብዕሒት ሓደ ዳኛን ዝመሰሉን ብግልፂ ኽቕመጥን ክፈላልዮምን ዘኽእል ንፁር መዳባት ይቕመጡ

- ንፀሃት ወገናት ብዘይ ገበርዎ ኽይኽሰሱን ከይብደሉን ከይንገላትዑን ዝገበረሉም ሓገዝን ድገፍን

ሽቶ-7 ብሉፅ ኣሰራርሓን ምስጉን ተግባርን ናይ ዘለዎም ችሎታት ተሞክሮ ብምውሳድ ናይ ኩሉ ተገይሩ (Scaling up)

ዝርዝር ተግባራት

- ካብ ዝርዝር መንፈስ ሪፎርም ዝብገስ ቸክ ሊስት ይዳሉ
- ብኡ መሰረት ብኢንስፐኽሽን ዝተፈለየ ብሉፅ ተሞክሮ፣ ተወዲቡን ተተንቲኑን ክተሓዝ ይግበር።
- እቲ ብሉፅ ስራሕ ክግምገምን ናይ ሓባር ክኸውን ይግበር
- እቲ ተሞክሮ ብፅሑፍ ናብ ኩሉ ክብተን፣ ንኡኡ ስዒቡ'ውን ብኣካል ኣብ ባይታ ክረኣይን ክጭበጥን ክትግበርን ደገፍ ይግበር።

መዘኻኸሪ፡- ናይ ፍትሒ ምምሕያሽ ትልሚ በብ ኣካሉ ተዳልዩ ንዓቕሚ ህንፀት ይቐርብ፣ በብኣካሉ ዝቐረበ ብላዕለዋይ መተሓባበሪ ኮሚቴ' ውን ክፀድቕ ይግበር።

## 6. *መደብ ህንፀት ዓቕሚ ምህንድስና (Engineering Capacity Building Program)*

*ዕላማ* 7

*ዕርየቱ ዝሓለወን ተወዳዳርን ዝኾነ ብቁዕ ሓይሊ ሰብ ኣብ ምፍራይን ዓቕሚ ውልቀ ትካላት ምህናፅን*

*ሽቶ* 1 ፡- *ኣብ ውዕሊት ዝተደረኸ ናይ ቴክኒክን ሞያን ትምህትን ስልጠናን ስርዓት ኣብ ምዝርጋሕ ምሕጋዝ*

*ተግባራት*

- *ምምሕያሽ ፕሮግራም ትምህርትን ስልጠናን ቴክኒክ ሞያን*
  - *ንኮሚሽን ትምህርትን ስልጠናን ሞያን ቴክኒክን ትግራይ ኣብ መፅናፅቲ መሓውርን ኣወዳድባን፣ ኣብ ስራሕቲ ስታንዳርድ ደረጃታት /ብርክታት/ን ከምኡ'ውን ስርዓት ምትእትታው ኣተሓሕዛ መረዳእታት ዝምልከቱ ድጋፍን ክትትልን ምግባር፣*
  - *ፅሩብ እምኒ ዝሰርሑ መናእሰያት ብበዝሒ ምስልጣን፣ ተወዲቦም ናብ ስራሕ ክኣትው ምግባር*
  - *ዘመናዊ ናይ ማእለማ* (Hand loom) *ስራሕቲ ምግፋሕ፣ ቅድሚ ሕዚ ስልጢኖም ዝመፁ ወዲብካ ናብ ተግባር ክኣትውን ኻልኦት ኣብ ምስልጣን ክሳተፍን ምግባር*
  - *ኣብ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ማእኸል ዝገበረ ስልጠና ንምሃብን ረብሕኡ ንምትሕብባርን ስራሕቲ ምፍላጥን ስልጠናን ንምሃብ ዘድልይ መረዳእታ እናተኣከበ ይርከብ።*
- *ምምሕያሽ ስርዓት ትምህርቲ ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ዩኒቨርስቲታትን*
  - *ብደረጃ ሃገራዊ መደብ'ዚ ፕሮግራም ዝምድና ዩኒቨርስቲታትን እዚ መደብ ህንፀት ዓቕሚ ምህንድስና ኣመልኪቱ ብዝተትሓዘ ትልሚ መሰረት ምስ ፋኩልቲ ቴክኖሎጂ መቐለ ዩኒቨርስቲ ብሓባር ክሰርሑ ዝምልከቶም ጉዳያት ኣመልኪቱ ዝተጀመረ ዝርርብ ተጠናኺሩ ክቕፅል ምግባር፣*

*ሽቶ* 2 ፡- *ክእለት ብዘለዎም ሰብ ሞያ ዝግራሕን ንተጠቀምቲ ማእኸል ዝገበረ ፅርየት ዘረጋግፅን ትሕቲ ቅርፂ ምህናፅ*

*ተግባራት*

- *ምምሕያሽ ስርዓት ምዕቃን ፅርየትን ምርግጋፅ ስታንዳርድን*
  - *ንሸባ ፋብሪካ ቆርበት፣ ንማጋርመንት፣ኣልመዳ ጋርመንትን ጨርቃጨርቅን ከምኡ'ውን ንኣዲስ ፋብሪካ መድሓኒት ብምልኦም ኣብ ስራሕቲ ምምሕያሽ መሰረታዊ ለውጢ ኣመራርሓን ኣሰራርሓን* (BPR) *ቴክኒካዊ ድጋፍ ዝወሃብ ደገፍ ምጥንኻር፣*

ሽቶ 3፡- ተለዋዋጭም ዝኸድ (valve chain) ዘርፍታት ኣሰራርሓ ብምምሕያሽ ወልቀ ትካላት ናይ ተወዳዳራይነት ዓቕምን ምዕባይ

ተግባራት

- ምንቅስቓሳት ህንፀት ዓቕሚ ውልቀ ትካላትን መደባት ኣናእሽተይን ደቀቕትን
  - ሓደ ላዕለዋይ ክኢላ ንኤጀንሲ ምስፍሕፋሕ ውፅኢት ልምዓት ሕርሻ ዝተቖፀረ እንትኸውን ብመሰረት'ዚ ድማ ኣብ በለስ ዝጠመቱ ዝተፈላለዩ ዓውደ መፅናዕቲ ተኻይዱ እዩ። ምስ ተጠቀምቲ ግልጋሎት value chains በለስ ሓደ መድረኽ ተፈጢሩ ኣብ ሓባራዊ ረብሓን መስርሕን ምርድዳእ ተበፂሑ እዩ። ሕዚ'ውን ተወሳኺ value chains ንምንፃር ምስ ኤጀንሲ ምስፍሕፋሕ ፍርያት ሕርሻ ብሓባር ምስራሕ ክቕፅል እዩ፣
  - ናይ ኸልልና ዕቁር ዓቕሚ ብምፍታሽ ሓደሽቲ ተጠቀምትን ዓይነት ፍርያትን ተመሪፆም ክስረሓሎም ይግበር

  - ፍርያት ሓሳኻ ሃሪ ዝምልከት ፕሮጀት ንምጥንኻርን ኣብ ስራሕ ክውዕል ንምግባርን ኣብዚ ሕዚ እዋን ምድላዋት እናተገብረ ይርከብ።
  - ኣብ ከተማ መቐለ ተጣይሹ ንዘሎ ማእኸል መፈልፈሊ ቴክኖሎጂ ሓገዝቲ ዝኾኑ ቴክኒካዊ ድጋፍን ሓሳባትን ምሃብ ክስራሕ ዝፀንሐ ሓደ ዓብዩ ስራሕ ተጠናኺሩ ክቕፅል ምግባር፣ብኣሰራርሓን ኣወዳድባን መሰረታዊ ለውጢ ንምግባር ዝሕግዙ ተጀሚሮም ዘለው ስራሕቲ'ውን ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ምግባር፣ብተመሳሳሊ መልክዑ ማእከላት መፈልፈሊ ቴክኖሎጂ ኣብ ትግራይ ንምስፍሕፋሕ ዝሕግዝ እናተኻየደ ዝርከብ መፅናዕቲ ምቕፃል፣
  - ንምጥቕላል ዝኣክል እዚ መደብ ኣወሃህባ ግልጋሎት one-stop shopsን ምምሕዳር ትካላት ቴክኖሎጂን ኢንዱስትሪታትን ንምጉልባት ዓብዩ ቴክኒካዊ ድጋፍ ምሃብ ክቕፅል እዩ።

ሽቶ 4፡- ነዚ መደብ ዝመርሕ ስትሪንግ ኮሚቴ ምውዳብ

ተግባራት

- ካብ ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ፣ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን፣ ካብ ቢሮ ንግድን ኢንዱስትሪን ትራንስፖርትን፣ ካብ መቐለ ዩንቨርስቲ፣ ካብ ዕደጋ ሕርሻ /ማርኬቴንግ ኤጀንሲ/ ፣ ሕርሻን ገፀር ልምዓትን ተወካሊ ጂትዜድ፣ ኻልኦት ሓዊሱ ይወድብ
- ዝርዝር ኣሰራርሓ የወፅእ፣ መደባት የፅድቕ በብ2 ወርሒ እናተራኸበ መደባቱ ይግምጋም

## *7. □□□□ መርበብ ሓበሬታን ቴክኖሎጂን*

### *ዕላማ 8*

ንኩሎም ሰብ ዋኒን ዘውሃሃደን ዕውት ስራሕቲ መርበብ ሓበሬታን ቴክኖሊጅን ዝፍፅም ውዳበ ምፍጣር

ሽቶ-1. ብኽልል ብርኪ ነዚ መደብ ዝመርሕ ዓብይ ኮሚቴ /ስትሪንግ ኮሚቴ/ ምጥንኻርን ስሩዐ ዝኾነ ኣኼባታት ዝገብረሉ ስርዓት ምትእትታው /በብ 2 ወርሒ/

ሽቶ-2 ቴክኒካል ኮሚቴ ካብ ቐንዲ ቐንዲ ኣካላት እቲ ዓብይ ኮሚቴ ክቐውም ምግባር /ኣብ ወርሒ 1 ጊዜ ይእከቡ/

ሽቶ 3. ብወረዳ ብርኪ ዓብይ ኮሚቴን ቴክኒካል ኮሚቴ ተጣይሾም ስራሕቲ ክስርሕ ምግባር (ስሩዕ ኣኼባታት'ውን ይገብሩ)

ሽቶ 4. ኣብ ትምህርቲ ኔት ኣብ ዘለወን ቤት ትምህርታት ናይ ኣይቲ መምህራን ወኪላት መሓውር ኣይሲቲ ኾይኖም ክስርሑ ምግባር

ሽቶ 5 ኣብ ኽልል ቢሮታት መርበብ ሓበሬታን ቴክኖሎጂን (ICT) መሓውር ዘለውን ኣብ መደባት ምስልጣን መሰረታዊ ኮምፒዩተር ክሳተፍ ምግባር

ሽቶ-6 ዝተኣታተው ዘሎ ናይ ሓበሬታን ርክብ ቴክኖሎጅን መደባት ዝግምግምን መደባት ዘውሃህደን ናይ ሓባር መድረኽ በብ 3 ወርሒ ክህሉ ተገይሩ ካብ ናይ /ካብ ናይ ኣይሲቲ መሓውርን ዝተመደቡ ኪኢላታትን ዘለውወን ቢሮታት ዝሳተፍ ደሓር ይንፀር/

ሽቶ-7 ንፁር ስራሕን ሓለፍትን ዝሓዘን ዝስርሓሉ መስርሕን /ኣባላት ስትሪንግ ኮሚቴን ቴክኒክ ኮሚቴን ስራሕን ሓላፍነቶምን ኻልኦትን ዝሓዘ/ ብቕልጡፍ ተዳልዩ። /ብመምርሒ ኣይስቲ/

### *ዕላማ 9*

መርበብ ሓበሬታ ዝጠልቦምም ውዳበታት ብምፍጣር ሕ/ሰብ ብቐረባ ሓበሬታ ዝርከበሉ ስርዓት ምዝርጋሕ፣

ሽቶ 1/ ሕድሕድ ወረዳ እንተወሓደ 4 ኘሮጀክታት ቀሪፁ ናብ ክልል ኣብ 3ይ ርብኢ ዓመት ኣረኪቡ።

ሽቶ 2/ ኽልል ከካብ ወረድኡ ዝመፁ 4 ፕሮጀክትታትን ካብ መቐለ ዝመፀእ 10 ፕሮጀክታትን ኣመዓራርዩ ናብ ፌደራል ሊኢ.ኹ።

*ተግባራት*

- በቲ ዝተነፀረ ማንዋል መሰረት ወረዳታት ናይ ፕሮጀክት ሓሳብ ይልእኻ
- ዞባ መቐለ'ውን ኣሰልጢንካ ክልእኹ ይግበር
- ናይ ቢሮና ሰብ ሞያ ንዝመፁሉ ገምጊሞም ብእዋኑ ይልእኹ
- ፀዲቑ ዝመፀ ብእዋኑ ተግባራዊ ዝኾነሉ ስርዓት ይዝርግሕ ።
- ስልጠናታት ይውሃብ፣ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ብቕልጡፍ ይፅናዕ

**ዕላማ 10**

ኣብ ክልል ናይ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ኣጠቃቅማ ዓቕሚ ምዕባይ

***ሽቶ 1*** ኣብ ክልል መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮን ንወረዳታትን ስሉጥ ግልጋሎት ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ተፈጢሩ።

ተግባራት

- ኣብ 14 ኣብያተ ፅዮ (10 ሓደሽት 4 ነባራትን) ከምኡዉን ኣብ ወረዳታት/46/ ናይ መረዳእታ ማእከል ምጥያሽን ንተንዘለዋን ድማ ምጥንካር
  - ክልላዊ መርበብ ሓበሬታ ብተደላይ ኣቐሑት ምጥንካር
  - ናይ ክልልን ወረዳን ስልጠና ማእከል ምጥንካር
- ኣብ ክልልና ዝርከባ ኩለን ላዕለዋይ ኣብያተ ቤት ትምህርትን ኣብ መሰናዶ ኣብያተ ትምህርቲን /ፕሪፓራቶሪ/፣ ኣብ ገፀር ዝርከባ ስልክታትን ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ዝምልከት ሰራሕቲ ምትእትታውን ምጥንኻርን
- ኣብ ሕድ ሕድ ኣብያተ ፅዮ/10/ ከምኡዉን ኣብ ወረዳታት/46/ ዉሱን መርበብ ርክብ ሓበሬታ ምጥያሽን ንተንዘለዋ ድማ ናይ ምጥንካር ስራሕቲ ምፍፃም፣
  - ብናይ ወረዳ መርበብ ሓበሬታ /ወረዳ ኔት/ 10 ዝኾና መንግስታዊ ኣብያተ <u>ፅዮ</u> ፀብፃብ ስራሕን ካልኦት ተደለይቲ መረዳእታት መለዋወጢ ገይርካ ምጥቃምን ንኡስ ዘደሊ ስርዓት ምፍጣርን ምጥንካርን / ኣብ ኩለን ADSL መስመር ዘለወን ኣብያተ ፅዮ/

- ብፍላይ ፕሮገራም መሰረት ዝገበረ ናይ ቭዲዮ ኮንፈረንስ ግልጋሎት ብሓደሻዕ ካብ መቐለ ናብ 6 ዞባታት ካብ ዞባታት ናብ 10 ወረዳታት ካብ ወረዳ ናብ ወረዳ ብሰፊሑ ክዉሃብ ምግባር ንዙይ እዉን ንሕድ ሕድ ኣብያተ ዕዩ ኣብ ዝቅዕል ኣዋርሕ ዝህብኦ ፕሮግራም ስልጠና ከፍልጣና ብደብዳቤ ምፍላጥ /ንክልል ቢሮታት /ኣብያተ ፍርዲ፣ትምህርቲ፣ ከተማ ልምዓት፣ህንፀት ዓቕሚ፣ክልል ምምሕዳር ወዘተ/

ሽቶ 2 ኣብ ክልል መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ንወረዳታትን ዝርከቡ ልዕሊ 2200 ሰራሕተኛታትን ሓለፍቲን ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ተንከፍ ዝኮነ ስልጠና ምሃብ ዝርዝር ተግባራት

- ኣብ ክልል መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ወረዳታትን ዝርከቡ (ሕድሕድ ወረዳ 50 ላዕለዋይ ደረጃ ቤት ትምህርትን መሰናድኦ በብውልቀን ፣ሓምሳ ሓምሳ ፣ ክልል ኣብያተዕዮ 15 መምርሒ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን /ICT/ 90 ሰራሕተኛታትን ብጠቕላላ --- ሰራሕተኛታት መሰረታዊ ናይ ኮምፒዩተር ኣጠቃቅማ ንወርሒን ፍርቂን ስልጠና ምሃብ፣
- ኣብ ክልል መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ወረዳታትን ዝርከቡ 500 ሓለፍቲ ሰራሕ ብዛዕባ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ተንከፍ ግንዛበ ዘጭብጥ ናይ 2 መዓልቲ ወርክሾፕ ምኽያድ፣
- ኣብ ክልል መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ወረዳታትን ዘርከቡ 200 ሓለፍቲ ሰራሕ ብፍሉይ ከይዲ ኣሰለጣጥና መሰረታዊ ኮምፒዩተር ኣጠቃቅማን ዓዉደ ሞያ / Microsoft application/ ንወርሒን ፍርቕን ስልጠና ምሃብ፣
- ሕድ ሕድ ክኢላ መምርሒ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ዝተፈላለዩ ኣርእስቲታት ብምዉሳድ ትምህርቲ ምሃብ፣
- ካብ ፌደራል ልምዓት ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ኤጀንሲ ብዝግበር ፃዉዒትን14 ቀዳማይ ዲግሪ ዘለዎም ኣብ ተግባር ዕቡቕ ውዕኢት ንዝምዕኦ ካብ ወረዳ 8 ካብ ክልል 6 ክኢላታት ዝወሃብ ናይ ምዕባይ ዓቕም ስልጠናታት ንምስታፍ ኣድላይ ምድላዋት ምግባር፤
- ናይ ወረዳ 60 ናይ ክልል 30 ክኢላታት ግዚኡ ዝጠልቦ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ዘድህበ ስልጠና ምሃብ

- ን500 መምህራን ካልኣይ ሳይክል /5  -8 / መሰረታዊ ናይ ኮምፒዩተር ስልጠና ክዉሃብ ምግባር /ምስ በብ ወረድኡ ዘለው ኣብያተ ትምህርቲ ብምትሕብባር ይፍፀም/
- ኣብ ካልኦት ክልላት ብዛዕባ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን ተሞክሮ ምዉሳድ/ካብ ኣምሓራን /
- ን15 ክኢላታት ኣይሲቲ ኣድቫንስድ ናይ ሃርድዌርን ሶፍትዌርን ፅገና ስልጠና ምሃብ / ብመማከሪ ትካል /
- ከይዲ ኣሰራርሓ ለዉጢ ምሰ ኣይሲቲ ንምዉጻድ ኣብ ሲሰተም መፅናዕቲን ዝምልከት ኣብ ኩለን ቢሮታት ዘለው ሰብ ሙያ ኣይቲን ነቲ ሞያ ዝምልከቶም ( መቐለ ዩኒቨርሲቲ ኣይቲ ዲፓርትመንት፣ቴሌ ኮሙዩኒኬሽን፣ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ መቐለ) ቴክኒካል ውዳበ ይቐውም ምስ ክልላዊ BPRቴክኒካል team እውን ዝተዋደደ ይኸውን።
- ንሴክተራትን ናይ ወረዳ ቴክኒክ ኮሜቴ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ወረዳ ኔትን ትምህርቲ ኔትን ግንዛበ መጨበጢ ወርክሾፕ ምድላዉ
- ን10 ክኢላታት ኣብያተ ዕዮ ክልል ዝዓሞቐ /advanced Database management / ስልጠና ምሃብ/ መማኸሪ ትካል /
- በዝሒ ተጠቀምቲ ኢንተርኔት ክልልና ንምውሳኽ ሓደሽቲ ተጠቀምቲ በብወረድኡ 30 ፈፀምትን 50 ሰብሙያን ብክልል ብርኪ ድማ 14 ቢሮ ሓለፍቲ፣ ምክትታላት ሓለፍትን ኩሎም ቤት ፅሕፈት ሓለፍቲ መምርሒ/ጉጅለ ሓለፍትን 300 ሰብሙያን ከምኡ'ውን ናይ ክልል ላ/ቤት ፍርዲ ዳያኑን ሬጅስትራርን ሓለፍቲ ግልጋሎታት ወረዳ ዳያኑ ዞባ ፈፀምቲ 5ቲኦም ሓደሽቲ ተጠቀምቲ ኢንተርኔት ይኾኑ።ብድምሩ ..... ሓደሽቲ ተጠቀምቲ

ሽቶ 3 ኣብ 10 ክልል መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን 46 ወረዳታትን ዝተፈላለዩ ናይ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ኣሰራርሓን ኣጠቓቕማ ስርዓታት ተፈጢሮም።

ዝርዝር ተግባራት

- ናይ ወረዳ ኔት፣ትምህርቲ ኔትን፣ ገፀር ስልኪ (Rural connectivity) ኣጠቓቕማ መምርሒ ብምድላው ስርዓት ምፍጣር
- ናይ መርበብ ርክብ ሓበሬታ ኣጠቓቕማ ስርዓት ምፍጣር

- ማንዋል መምርሒ ኣወዳድባን ኣጠቓቕማን ማእከል  መረዳእታ ምድላው
- ናይ ዝተፈላለዩ ግልጋሎታት ኣጠቓቕማ መምርሕን ማንዋልን ምድላው፣ /መሳርሒ ኤሌክትሪክ ኣቑሑት፤ ቪዲዩ ኮንፈረንስ፤ምሕታት ፅገና ኣቑሑት፣ ወዘተ/

ሸቶ 4 ናይ ክልል ቴክኖሎጂን ሓበሬታ ርክብን ረቂቕ ፖሊስን ስትራተጂን ተዳልዩ ፀዲቑ።

ዝርዝር ተግባራት

- እዚ ረቂቕ ፖሊሲ ብቢሮ ህንፀት ዓቕሚ መሓዉር ክግምገም ምግባር፣
- ብዝቐረበ ሓናፂ ርኢቶ ብምምዕባል ሙሉእ ገይርካ ምቕራብ
- ብክልል ፈፀምቲ ኣካላት ክፀድቕ ብምግባር ንተግባራዊነቱ ምንቅስቃስ

ሸቶ 5. ኣብ ሰለሰተ ኣብያተ ማዘጋጃ ክልል ቤት መዛግብቲ ቦታ ተንከፍ መረዳእታ ኮምፒዩተራዝ ተገይሩ።

ዝርዝር ተግባራት

- ንዙይ ሰራሕ ዘገልግል ዓዉደ ሞያ ምቅራፅን ናብ ተግባር ምልዋጥን
- ኣብዘን ኣብያተ  ማዘጋጃ ዘሎ ቦታ ተንከፍ መረዳእታ ናብ ኮምፒዩተር ክኣቱ ምግባር
- ዝተዳለወ ዓዉደ ሞያ ናብ ኮምፒዩተር ምፅዓን
- ንዝምልከቶም ክኢላታት ናይቲ ዓዉደ ሞያ ኣሰራርሓ ስልጠና ምሃብ
- ክትትልን ድጋፍን ምምሕያሽን ስራሕቲ ብቐፃልነት ምኽያድ

ሸቶ 6 ዝተፈላለዩ ሴክተር ዝጥምቱ ሶፍትዌር ተዳልዩ ናብ ተግባር ተሸሪፉ።

ዝርዝር ተግባራት

6.1 ሓይሊ ሰብ ፕሮፋይል ዝምልከት ተግባራዊን ምግባር ስልጠና ምሃብ

6.2 ላዕለዋይ ኣብያተ ፍርዲ ምምሕዳር ስርዓት ኣብ ክልል፣ ኣብ ዞባን ወረዳ ምጥያሽ

6.3 ፌደራል ዘማዕበሎም መሰረት ብምግባር ሓደሽቲ ዌብ ሳይታት  /ቱሪዝምን ቤት/ፅ/ቤት ምኽርን/ ብቕልጡፍ ናብ ተግባር ክኣትው ምግባርን ኣብ ስራሕ ዘወዓሉ ናይ ሓበሬታን ህንፀት ዓቕምን ምክትታልን ምምዕባልን

6.4 IBEX ፋይናንሻል ሲስተም DDbን ናይ ምዕባለ ሓይሊ ሰብ ሶፍት ዌር ከምኡዉን ብፌደራል ሚኒስተር ሓለዋ ጥዕና  ዝተኣታተዉ ሶፍት ዌራት ምፍላይ ተደላይ ድጋፍን ሓገዝን ምግባር

ሽቶ 7. ብ መንግሰታዊ ኣብያተ ዕዩ ዝቕርቡ ናይ ቴክኖሎጂን ሓበሬታ ርክብን ናዉቲ ዕደጋ ምግምጋምን ዕርየቱ ተረጋጊፁ።

ዝርዝር ተግባራት

- ንዕደጋ ዝቐርቡ ናዉቲ መሳርሒ specification ልኽእ ምካኑ ምርግጋፅ፣
- ንጨረታ ዝቐርብ ዝርዝር ብመሰረት ዝተዳለወ መዘርዝር ምካኑ ምፍታሽ፣
- እዞም ኣቑሑት ኣታዊ እንትኮኑ ፈተሻ ምኽያድ፣

*ዕላማ 11*

ንሕብረተሰብን ንዉልቂ ትካላትን ብመዳይ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ምዕባይ ዓቅሚ ስራሕቲ ምፍፃም

ሽቶ 1. ፀገማት ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ተፈቲሑ

ዝርዝር ተግባራት

- ምስ ተጠቀምቲ ሓበራዊ መድረኽ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ምምስራት
- ንሕብረተስብን ንዉልቂ ትካላትን ብዛዕባ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ግንዛበ መጨበጢ ወርክሾፕ ምድላው
- ንሕብረተስብን ንዉልቀ ትካላትነ ቴክኒካዊ ሓገዝ ምሃብ ሽቶ 2 ናይ ማህበረሰብ ማእከል ሓበሬታ ኣብ 7 ዞባ ማእከላት ምጥያሽ?

ዝርዝር ተግባራት

- መስርሕ ምድላዉ/TOR/
- መማከሪ ትካል ምምራፅ
- ክትትልን ገምጋምን ምኽያድ
- ፀብፃብ ምድላው

ሽቶ 3. ናይ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ማእከል መፈልፈሊ ነጋዶ ክእኢላታት ተጣይሹ።

ዝርዝር ተግባራት

- ምስ ፌደራል ልምዓትቴክኖሎጂን ሓበሬታን ርክብን ተዋዲድካ መስርሕ ምድላዉ፣
- ነዙይ ስራሕ ዝመርሕ ኮሚቴ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ምምስራት
- ዘድልይ ናዉቲ ታት ምምላእን ምዉዳብን

- ናይ መሰልጠኒ ረቂሓታተ ንምድላዉ ሰልጠንቲ ምምልማልን ስልጠና ምጅማርን

ሽቶ 4. ኣብ 46 ጣቢያታት ንሕብረተሰብ ሓበሬታ መዉሃቢ ማእከል ምጥያሽ

ዝርዝር ተግባራት

- ዳህሳሰ ምኽያድ
- መርኣያ ዝኮና ከምኒ ጣብያ ኣብርሃ ወ ኣፅብሃ ቐልጢፍካ ተግባራዊ ምግባር
- ንዝተሓረይ ጣብያታት ዘድሊ ናዉቲ ምምላእ
- ዝወሃቡ ግልጋሎታት ምንፃርን መምርሒ ምድላዉን
- ግልጋሎታት ብፅርየትን ብስሩዕን ዝወሃቡ ዘለው ምኺኖም ዘጋጠመ ምክትታልን ዘጋጠመ ፀገማት ምፈታሕን

ሽቶ 5 ንኣካል ጉደኣት ኣጠቃቅማ መሰረታዊ ኮምፒዩተር ስልጠና ተዋሂቡ።

ዝርዝር ተግባራት

- ምስ ማሕበር ጉደኣት ኣካላት ትግራይ ናይ ሓባር መስርሕ ምድላው
- ቀዳምነት ዝዉሃቦም ንኣካል ጉዱኣት ክፋል ሕብረተስብ ምንፃር ስራሕቲ ምኽያድ
- መቐለ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስዉራን ዳህሳስ ምኽያድ
- ዝተኽየደ ዳህሳስ ፀሚቕካ መበገሲ ሓሳብ ምድላው
- ዘድሊ ቐረብ ኣቑሑት ምምላእ
- ናይ ስልጠና ፕሮግራም ምድላዉን ስልጠና ምሃብን
- ክትትልን ገምጋምን ሰራሕቲ ምኽያድ

ሽቶ 6 ናይ ንማህበረሰብ ምዕባለ ዘሳልጥ ሬድዮ ተጣይሹ።

ዝርዝር ተግባራት

- ካብ ኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲ ንፁር ፍልጠት ምሓዝ
- ተምኩሮ ደቡብ ኢትዮጵያ ቀልጢፍካ ምፍላጥን ኣባና ኽመይ ኽምዝሰርሕ ትልሚ ምድላው
- ዘድለይ ኣቑሑት ምምላእ፣ ኣበይ ከምዚ ትከል ምንፃር
- ፍቓድ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ምርካብ

- ክትትልን ገምጋምን ምኽያድ

ሽቶ 7 ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን ንምዕባለ ማህበረሰብ ዝጥምት ብፌደራል ዝተዳለወ ፖሊሲ ናብ ክልልና ክጠዓዓም ምግባር

ዝርዝር ተግባራት

- እቲ ብፌደራል ክፀድቕ ቀሪቡ ዘሎ ፖሊሲ ናብ ትግርኛ ምትርጓ ም
- ክሳብ ዝፀድቕ እቲ ረቂቕ መሰረት ገይርኻ እናሰራሕኻ ምፅናሕ
- ፀሚቕካ ፈፃሚት ክልል ትግራይ ክፈልጦን ክሕግዝን ምግባር
- ንምይይጥ ብምቕራብ ክምዕብል ምግባር
- መፋለጢ ዓዉዴ መፅናዕቲ ንማህበረሰብ ምኽያድ
- ንተግባራዊነቱ ምንቅስቃስ

## *II. ዓበይቲ መደባት*

## *ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ብምምሕያሽ ዕግበት ተገልገልቲ ምርዋይን ዓቕሚ ኣብያተ ዕዮ ምዕባይን*

*ዕላማ 1*

*ዘመናዊ ስርዓት ኣወዳድባ፣ ኣሰራርሓን ጥቕማጥቕምን ብምትእትታው ዓቕሚ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ምህናፅ*

ሽቶ 1፡- ኣብ ክልልና ኣብ ስራሕ ዘለው ክመሓየሹ ዝግበኦም ዝተፈላለዩ መምርሒታት ኣበልን ጥቕማጥቕምን መፅናዕቲ ብምክያድ ሰራሕተኛታት መንግሰቲ ተተባቢዖም ዝሰርሕሉ ኩነታት ተመቻቺዩ።

ዝርዝር ተግባራት

- ኣብ ስራሕ ዘለው ዝተፈላለየ መምርሒታት ኣበልን ጥቕማጥቕምን ምስ ህልው ኩነታት ክልልና ዘለዎም ዝምድና ምፍታሽን ምግምጋምን
- ኣብ ፌደራልን ክልላትን ኣብ ስራሕ ዘለው መምርሒታት ኣበልን ጥቕማጥቕምን ምእካብን ምፍታሽን፣
- ዝተመሓየሸ መምርሒታት ምድላውን ናብ ዝምልከቶ ምቕራብን

ሽቶ 2፡- ብዛዕባ ዝተዳለወ ማንዋል ዝተፈላለዩ መምርሒታት ኣበልን ጥቕማጥቕምን ንሓለፍቲ ህንፀት ዓቕሚ ዕዮ ወረዳታትን ከተማታትን ከምኡው'ን ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ክልልን ሰልጠና ተዋሂቡ።

ዝርዝር ተግባራት

- ንስልጠና ዘድልዮ ማንዋላት ምድላው፣

- ሰልጠንቲን ኣሰልጠንትን ምንፃር፣
- ስልጠና ዝካየደሉ እዋንን ፍልፍል በጀትን ምንፃር፣
- ስልጠና ምክያድን ውፅኢት ስልጠና ምክትታልን ምግምጋምን።

ሸቶ-3 ኩሎም ሰራሕተኛታት ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ካብ ክልል ክሳዕ ጣብያ መዘርዝር ስራሕ /JOB DESCRIPTION / ክህልዎም ብምግባር ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ተገይሩ።

ዝርዝር ተግባራት

- ንኹሉን ክፍልታት ስራሕ ቢሮ ህንፅት ዓቕሚ ኣብ ትሕቲኣን ናይ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ስራሕ መዘርዝር ክዳልዋ ምሕባር
- ኣብያተ ፅዮ ህንፀት ዓቕሚ ወረዳታት ስራሕ መዘርዝር ሰራሕተኛታተን ክዳልዋ ኣድላይ ሓገዝን ክትትልን ምግባር
- ሕድ ሕድ ሰራሕተኛ ስራሕ መዘርዝር ምህላዉ ምርግጋፅ

ሸቶ-4 ብውክልና ክሰርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ ብምንፃርን ብመሰረት እዚ ንኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ውክልና ብምሃብ ሰሉጥ ግልጋሎት ረኺቦም፤

ዝርዝር ተግባራት

- ኣብ ፌደራልን ክልላት ብውክልና እናሰርሑ ዝርከቡ ስራሕቲ ዘለዎም ተሞክሮ ምቕላምን ከም ኣድላይነቱ ምጥቃምን ፣
- ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ብውክልና ክሰርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ መፅናዕቲ ምክያድ፣
- ብመሰረት መፅናዕቲ መበገሲ ምድላውን ንርኢቶ ንዝምልከቶ ምቕራብን፣
- ናይ መወዳእታ መልክዕ ዝሓዘ ጥራዝ ምቕራብን ክፀድቕ ምግባርን፣
- እዚ ኣመልኪቱ ንዝምልከቶም ኣካላት መብራህርሂ/ ኦረንቴሽን ምሃብ

ሸቶ-5 ብመንግስቲ ንቕድሚት ዝጣየሹ ሓደሽቲ ትካላት ከምኡ'ውን ኣብ ስራሕ ዘለው ኣብያተ ፅዮ ናይ መሓውርን ስራሕ መደባትን ምትዕርራይ/Restructuring/ ሕቶ እንትቕርቡ ብምትከላት ኣወዳድባን ስራሕ ምድባ ብምግምጋምን ብምትንታንን ክፅድቕ ተገይሩ።

ዝርዝር ተግባራት

- ዝቐረበ ሕቶ መሓውርን ስራሕ መደባት ንፁር ራእይን ልኡኽን ዘመላኽት ስትራተጂክ ትልሚ ምህላው ምርግጋፅን ምፍታሽን
- መጣየሺ ኣዋጅ ዘለዎ ምዃኑ ምርግጋፅ፣ ምፍታሽን ምርድዳእን፣

- ዝቐረበ ሕቶ መሓውርን መደባት ስራሕን ብመሰረት ኣወዳድባ ምግምጋምን ምትንታንን
- ዝተፈላለዩ መማረፅታት ዝሓዘ ውሳነ ሓሳብ ምድላውን ምስ ዝምልከቶ ዘተ ምክያድ
- ትካላዊ መሓውርን ስራሕ መደባትን ምፅዳቕን ኣብ ተግባር ንክውዕል ምግባርን፣

ሸቶ-6 ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ስራሕ ምደባን ጥቕማጥቕምን ዝምልከት ዝቐርቡ ሕቶታት ብምግምጋምን ቅልጡፍ መልሲ ብምሃብን ዕግበት ተገልገልቲ ዓብዩ።

ዝርዝር ተግባራት

- ዝቀረበ ሕቶ ዘድሊ ሓበሬታ ምምልኡ ምርግጋፅ
- ዝቀረበ ሕቶ ኣግባብነቱ ብመሰረት መምርሒ ምርግጋፅ
- ዉሳነ ሃሳብ ምድላዉን ንዝምልከቶ ምልኣክን

*ዕላማ 2*

ኣብ ትልሚ ዝተደረኸ ኣወፋፍራን ኣጠቓቕማን ምዕባለ ሓይሊ ሰብ ብምክያድ ስራሕን ሰራሕተኛን ምርካብን ውፅኢታዊነት ኣብያተ ዕዮ ምምሕያሽን እዚ ዕላማ ዝስዕቡ ሽቶታት ኣለውዎ፡-

ሽቶ 1፡- ኣብ ሓይሊ ሰብ ምምሕዳር ቅልጡፍን ዕፉፍን ውሳነታት ንምሃብ ዘኽእል ቴክኖሎጂ ኢንፎርሜሽን ኮሚንኬሽን ዝተደገፈ ስርዓት መረዳእታ ተፈጢሩ።

እዚ ሽቶ አዞም ዝስዕቡ ዘርዝር ተግባራት ኣለውዎ

ዝርዝር ተግባራት

- መረዳእታ ሓይሊ ሰብ ብቀሊሉ ንምሓዝ ዘኽእል ዘተፈላለዩ ፎርማት ምድላው
- ብመሰረት ቅጥዒ ዝተኣከበ መረዳእታ ናብ ኮምፒውተር ምእታው፣
- ብኮምፒውተር ዝተደገፈ መረዳእታ ሓይሊ ሰብ ኣብተግባር ምውዓል፣
- ተጠቀምቲ ብቀሊሉ ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ሜላ መረዳእታ ምፍጣር።

*ሽቶ 2*፡- ኣብ ከይዲ መፅናዕቲ ዝርከብ ፖሊሲን ስትራተጂን ምዕባለ ሓይሊ ሰብ ክልልና ክፀድቕ ብምግባር ውፅኢታዊነት ተመሓይሹ።

ዝርዝር ተግባራት፡-

- ረቂቅ ፖሊስን ሰትራተጂን ምዕባለ ሓይሊ ሰብ ምድላው
- ኣብ ዝተዳለወ ረቂቅ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ዘተ ምክያድን ርኢቶ ምትእኽኻብን፣

- ናይ መወዳእታ መልክዕ ዝሓዘ ፖሊስን ስትራተጂን ምዕባለ ሓይሊ ሰብ ክፀድቕ ምግባርን ኣፈፃፅምኡ ምክትታልን።

*ሽቶ 3፥-* ኣብ ዝፀደቐ ኣዋጅ ስልጠና ፈንድ ዝርዝር ኣፈፃፅማ መምርሒ ብምድላው ስሉጥ ግልጋሎት ተዋሂቡ።

ዝርዝር ተግባራት፥-

- እቲ ኣዋጅ ስልጠና ፈንድ ብዝግባእ ምርዳእን፣
- ረቂቕ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምድላው ንሪኢቶ ምቕራብን፣
- ናይ መወዳእታ መልክዕ ዝሓዘ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምድላው ናብ ዝምልከቶ ምቕራብን ኣፈፃፅምኡ ምክትታልን።
- ብዝፀደቐ መምርሒ መሰረት ብመንግስቲ ናብ ትምህርቲ ዝኸዱ ሰራሕም ለቒቖም ካብኡ ክኸፈሉ ምግባር

*ሽቶ 4፥-* ንኣብያተ ዕዮ ክልልን ወረዳን ኣብ ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ብምሃብ ናይ ምፍፃም ዓቕሞም ዓብዩ።

ዝርዝር ተግባራት

- ድሌት ስልጠና ምንፃር፣
- ሰልጠንቲን ኣሰልጠንትን ምንፃር፣
- ስልጠና ዝካየደሉ እዋንን ፍልፍል በጀትን ምንፃር፣
- ስልጠና ምክያድን ምግምጋምን።

*ሽቶ 5፥-* ካብ ኣብያተ ዕዮ ናይ መረዳእታ፣ ዓዲ ውሽጥን ወፃእን ስልጠናታት፣ ምልመላን መረፃን ዝቐርቡ ሕቶታት ቅልጡፍ መልሲ ብምሃብ ዕግባት ተገልገልቲ ዓብዩ።

ዝርዝር ተግባራት

- ብስልኪ፣ ብፅሑፍ፣ ብኣካል ዝቐርቡ ሕቶታት ምርዳእ
- ዝቐረበ ሕቶታን ዝድለ ሓበሬታ ምምላኡም ምርግጋፅ፣
- ንዝቐርቡ ሕቶታት ግቡእ መልሲ ምሃብ።

**ዕላማ 3**

ስሩዕ ገምጋምን ክትትልን ብምክያድ ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ስርዓት መሪት ክትኣታቶ፣ ውፅኢታዊነት ዝተፈላለየ ተግባራት ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ክረጋገፅ፣ ተሓታትነት ክነግስን ሰናይን ምምሕዳር ክሰፍን ምግባር፣

ሽቶ 1፡- ኣብያተ ዕዮ ክልልን ወረዳን ገምጋምን ክትትልን ብምክያድ ውፅኢታዊነት ተግባራት ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ተረጋጊፁ።

ዝርዝር ተግባራት

- ገምጋምን ክትትልን ዝካየደለን ኣብያተ ዕዮ ምንፃር፣
- ገምጋምን ክትትልን ዝግበረሉ ርእሲ/ጉዳይ ምስ ኣብ ቢሮና ዘለው ስራሕ ክፍልታት ብምዝታይ መገናዘቢ ምርመራ (Check list) ምድላው፣
- ገምጋምን ክትትልን ዝግበረለን ኣብያተ ዕዮ ትሕዝቶ መደብን ዝፍፀመሉ እዋንን ኣቐዲምካ ምግላፅ፣
- ብመሰረት ትልሚ ምውፋርን ፀብፃብ ውፅኢት ምርመራ ምቕራብ፣
- ብመሰረት ዝቐረበ ፀብፃብ ውሳነ ዘድልዮም ኣፈፃፅማ ምክትታል።

**ሽቶ 2፡-** ካብ ክልል ኣብያተ ዕዮ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝቐርቡ ጥርዓናትን ጥቆማታት ብምዕራይ ቅልጡፍ ምላሽ ምሃብን ዕግበት ተገልገልቲ ምርግጋፅን።

ዝርዝር ተግባራት

- ጥርዓን ወይ ጥቆማ ብፅሑፍ፣ ብስልኪ ወይ ብኣካል ምቕባል፣
- ዝቐረቡ ጥርዓናት ሕጋዊነቶም ምዕራይ፣
- ጥርዓናት/ጥቆማታት ምስ ኣዋጅ፣ ደንብን መምርሒን ምግንዛብ፣
- ውሳነ ሓሳብ ንዝምልከቶ ምቕራብን ከም ኣድላይነቱ ውሳነ ምሃብን።

*ሽቶ 3፦* ማንዋል መስርሕ ኢንስፔክሽን ብምድላው ስሉጥን ውፅኢታዊን ግልጋሎት ተዋሂቡ።

ዝርዝር ተግባራት

- ነቲ ማንዋል ንምድላው ዘድሊ ማቴሪያላት ምትእኽኻብ፣
- ዝተኣከቡ ፅሑፋት ምስ ክልልና ነባራዊ ኩነታት ምጥዕዓም፣
- ዝምልከቶም ኣካላት ክልልን ወረዳን ዘተ ምክያድን ሪኢቶ ክህብሉ ምግባር፣
- ዝተዛዘመ ማንዋል ኢንስፔክሽን ምድላውን ኣብ ስራሕ ምውዓልን።

*ዕላማ 4*

ካብ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝቐርቡ ይግባኣኒ ጥርዓናት ብመሰረት ሕግን ደንብን መርሚርካ ቅልጡፍ ውሳነ ብምሃብ ፍትሒ ክረጋገፅ ምግባር

እዚ ዕላማ ዝሰዕቡ ሽቶታት የካትት፦

ሽቶ 1፦ ብደረጃ ክልልን ወረዳን ዘለው ኮሚቴታት ድስፕሊንን ቅሬታን ተጠናኺረን ዝውደባሉ ኣግባብ ብምምችቻው ስሉጥ ግልጋሎት ተዋሂቡ።

ዝርዝር ተግባራት

- ኣብያተ ዕዮ ኮሚታታት ድስፕሊንን ቅሬታን ዘጣየሻ ምኻነን ምንፃር፣
- ዝተጣየሹ ኮሚቴታት ሕጋዊ ምኻኖም ምርግጋፅ።
- ፕሮፋይል ኮሚቴታት ምትእኽኻብ
- ኮሚቴታት ብሕጊ መሰረት ዳግም ንክውደቡ ምግባር

ሽቶ 2፦ ካብ ኣብያተ ዕዮ ክልልን ወረዳን ዝቐርቡ ጥርዓን ይግባኣኒ ብምምርማር ስሉጥን ፍትሓውን ምላሽ ተዋሂቡ።

ዝርዝር ተግባራት

- ካብ ዝሓለፈ ዝዞሩን ኣብ 2000 ዝቐርቡን ጥርዓናት 100% ክውሰኑ ምግባር፣
- ካብ ሰራሕተኛታት ዝቐርቡ ጥርዓናት ይግበኣኒ ሕግን ደምብን ዝተኸተሉ ምኻኖም ምንፃር፣
- ዝተነፀሩ ይግበኣኒ ፋይል ከፊትካ ምቕራብ፣
- ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ መዕለቢ ክረኽቡ ምግባር
- ብሕጊ ዘይተኸተሉ ሕጊ ተኸቲሎም ንክቐረቡ ምግባር፣
- ሕጊ ተኸቲሎም ዝቐረቡ ጥርዓናት ይግበኣኒ ብመገባእያ ምርኣይ፣
- ብመጋባእያ ዝተርኣየ ናይ መወዳእታ ውሳነ ምሃብን ኣፈፃፅማኦም ምክትታ

*ሽቶ 3፦* ካብ ኣብያተ ዕዮ ክልል ወረዳን ዝቐርቡ ደንቢ ዘይተኸተሉን ዘይተወድኡን ጥርዓናት መርሚርካ ብይን ብምሃብ ኣብያተ ዕዮ ሕጊ ከኽብሩ ተገይሩ።

ዝርዝር ተግባራት

- ጥርዓን ብኣግባቡ ምቕራቡ ምርግጋፅ፣
- ነቲ ጥርዓን ፋይል ከፊትካ ምቕራብ፣
- ኣብ መገባእያ መርሚርካ ብይን ምሃብ፣

- ሽዑ ንሽዑ ብይን ምሃብ
- ዝተወሃበ ብይን ተግባራዊነቱ ምክትታል።

***ሽቶ 4፡-*** *ኣብ ክልልን ወረዳን ሰራሕተኛታትን ሓለፍትን ዝረኣዩ ጉድለት ድስፕሊን መበገሲ ምኽንያት መፅናዕቲ ተኻይዱ መፍትሒ ሓሳብ ቀሪቡ።*

ዝርዝር ተግባራት

- ኣብ ክልልን ወረዳን ኣብያተ ፅዮ ኣብ 1998ን 1999ን ዓ.ም ዝቐረቡጉዳይ (ኬዝስ) ብምርኣይን መበገሲ ዝነበሩ ፀገማት ምንፃር
- ፀገማት ብዓይነቶም ምግምጋም
- ሕግን ደንብን ዝተኸተሉ መፍትሒ ሓሳባት ምቕራብ
- ጥርዓናት ኣብያተ ማዘጋጃ ብመምርሒ ክንፀሩ ምግባር

***ሽቶ 5፡-*** *ንኣብያተ ፅዮ ክልልን ወረዳን ዝምልከቶም ኣካላት ዝግበር ስልጠና፣ ምምሕዳር ቤት ፍርዲ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብምውዳድ ኣዋጅን ኣፈፃፅማ መምርሒታትን ስልጠና ተዋሂቡ።*

ዝርዝር ተግባራት

- ንስልጠና ዘድልዩ ፅሑፋትን ማቴርያላትን ምድላው
- እዋንን ፍልፍል በጀትን ምንፃር
- ስልጠና ምክያድን ውፅኢታውነት ምግምጋምን

## III. ንኡሳን መደባት

## *1. መደባት ህንፀት ዓቕሚ ፐብሊክ ሴክተር (PSCAP)*

**ዕላማ 1**

መደባት ህንፀት ዓቅሚ ፐብሊክ ሴክተር ትግራይ ፅፉፍ፣ ቅልጡፉን ውፅኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ምፍፃም።

**ሽቶ 1: ስሉጥ ግልጋሎት ምሃብ**

ዝርዝር ተግባራት

- ✓ ዝተኣታተወ መስርሕ ኣፈፃፅማ መደባት ህንፀት ዓቕሚ ፐብሊክ ሴክተር
- ✓ ኣብ ኣሰራርሓ መደባት ህንፀት ዓቕሚ ፐብሊክ ሴክተር ኣመልኪቱ ምስ ንኡሳን ፕሮግራማት ዝተኻየደ ኣኼባ

✓ ንንኡሳን ፕሮግራማትን ንተጠቀምቲ አካላትን ዝተገብረ ክትትልን ቴክኒካዊ ድጋፍን

✓ ብአዋኑ ምላሽ ዝተወሃበሎምን ን አፈፃፅማ ዝተልኣኹን ዓመታዊ ትልሚን ዝርዝር መፈፀሚ ትልሚን

✓ ምስ መም/ፑል ምም/ፋይ/ንብረትን ሒሳብ ክፍልን ንስሉጥን ውፅኢታዊ ግልጋሎት ኣወሃህባ ' ዚ መደብ ኣመልኪቱ ዝተወሃበ ኣኼባ

**ሽቶ 2:- ዓመታዊ ትልሚ ብ ምጥማር ናብ ዝምልከቶ ኣካል ተላኢኹ**

ዝርዝር ተግባራት

✓ ዝተልኣኸ ቅጥዒ መዳለዊ ትልሚ 2001- ፊዝካልን ፋይናንሻልን ዓመታዊ ትልሚ ን ቴምፕሌትን

✓ ዝተዳለወ ትልሚ መምርሒ ህንፀት ዓቕሚ ፐብሊክ ሴክተር

✓ ንንኡሳን ፕሮግራማት አብ ዓመታዊ ትልሚ አመልኪቱ ዝተውሃበ መብርህን ቴክኒካዊ ሓገዝን

✓ ተጠሚሩ ዝተለአኸ ትልሚ ሽውዓቲአን ንኡሳን ፕሮግራማት

✓ ዝተገብረ በጀት ዝውውር መደባት ህንፀት ዓቕሚ ፐብሊክ ሴክተር

✓ ሚንስቴር ህንፀት ዓቕሚ + ባንኪ ዓለም ዝተጠምረ ትልሚ 2001ይበፅሖም

**ሽቶ 2:-ብብግዚኡ ዝተኣከበ ፣ ዝተዳለወን ዝተጠምረን ፀብፃብ ተላኢኹ**

ዝርዝር ተግባራት

✓ ዝተዳለወ ፀብፃብ ክልተ ሰሙን መምርሒና

✓ ተጠሚሩ ዝተአከበ ፀብፃብ ንኡሳን ፕሮግራማት

✓ ብትግርኛን እንግሊዝኛን ቋንቋታትን ተዳልዩ ዝተለአኸ ፀብፃብ ሽድሽተ ወርሒ

✓ ዝተጠምረ ዓመታዊ ፀብፃብ መምሪሕና ን ኣፈፃፅማ መደባት ኩለን ንኡሳን ፕሮግራማት

**ሽቶ 3:-ብመሰረት ዝተዳለወን ዝፀደቐን ዓመታዊ ትልሚ ዝፍፀሙ መደባት ክትትል ተገይሩ።**

ዝርዝር ተግባራት

✓ ኣብ ዝርዝር መተግበሪ ትልሚ (TOR) ንኡሳን ፕሮግራም ዝተገብረ ቴክኒካዊ ሓገዝ

✓ አብ ከይዲ ስልጠና ግዝኢትን ግልጋሎት ምኽሪን ብመሰረት ዓመታዊ ትልሚ ንኸካይዱ ዝተገብረ ክትትልን ዝተወሃበ ቴክኒካዊ ሓገዝን

✓ በቢ ወርሑ በቢ ርብዒ ዓመትን ፍርቂ ዓመትን ከይዲ ምፅባለታት ምንቕስቓስ መደባት ህንፀት ዓቕሚ ፐብሊክ ሴክተር ዝቐረበ ፀብፃብን ዝተገበረ ክትትልን

- ✓ ተገናዚቦም ዝተሰርሑ ዝርዝር መተግበሪ ትልሚ ንኡሳን ፕሮግራማት
- ✓ ኣፈፃፅማ መደባት ንኡሳን ፕሮግራማት ምስ ኣጠቓቕማ በጀት ምግንዛብ
- ✓ መደባት መፈፀሚ በጀት ናብ ሒሳብ መም/ፑል ክዛወር ምግባር
- ✓ በብወርሑ ዝለኣኽ ፀብፃብ ወፃኢታት ብእዋኑ ንኽፍፀም ምክትታልን ምርግጋፅን።

**ሸቶ 4:- ምስ ኩለን ን/ፕሮግራማት ፅቡቕ ርክብን መድረኽ ልውውጥ ተሞክሮ ተመስሪቱ**

ዝርዝር ተግባራት

- ✓ ንኩለን ንኡሳን ፕሮግራማት'ዚ መደብ ካብ ትልሚ ምድላው ጀሚሩ ክሳብ ምፍፃም መደባት ዘለው ከይዲ ስራሕቲ ክፈልጥዎን ክመልክዎን ዝተገብረ ተኸታታሊ ስራሕ
- ✓ ዝተኻየደ ተኸታታሊ ምይይጥ ኣብ መስርሕ መደባት ፒስካፕ ምስ መምርሒ ፑል ምም/ፋይ/ንብረትን
- ✓ ዝተኻየዱ ስራሕቲ ምስ ባንኪ ዓለምን ፌደራል ሚኒስቴር ህንፀት ዓቕሚን ኣብ ምፅዳቕን ተቐባልነት ኣብምርካብን ዓመታዊ ትልሚ መደባት ህንፀት ዓቕሚ ፐብሊክ ሴክተር ከይዲ ዕደጋታትን ኣመልኪቱ
- ✓ ዝቐረበ ዓመታዊ ፀብፃብ ስራሕቲ መደባት ህንፀት ዓቕሚ ፐብሊክ ሴክተር ን ልኡኽ ባንኪ ዓለም (joint supervision mission)
- ✓ ንፌደራል ህንፀት ዓቕሚ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ መደባት ብእዋኑ ምልኣኽ

***ሸቶ 5:- ከይዲ ዕደጋ*** *መደባት ህንፀት ዓቕሚ ፐብሊክ ሴክተር* ***ንኽሳለጡ ዘኽእል ስፔስፊኬሽንን ዝርዝሮምን ምስ በዝሒ ተዳልዮ ናብ ዝምልከቶም ቐሪቡ ።***

ዝርዝር ተግባራት

- ✓ ዝተመዓራረየን ዝተመሓየሸን ትልሚ ዕደጋ ተዳልዩ ፣ ናብ ሚ/ህ/ዓቕሚን ባንኪ ዓለምን በፂሑ ፣ ኣዎንታዊ ምላሽ ዕደጋ ተረኺቡ
- ✓ NCB & LS ንኡሳን መደባት ህንፀት ዓቕሚ ፐብሊክ ሴክተር ብእዋኑ ንኽፍፀም ዘኽእል ዝርዝር ስራሕ ተዳልዩ ።
- ✓ ዝዕደጉን ዝፍፀሙን መደባትን ተጠቀምቲ ን/ፕሮግራማት ክፈልጥዎን ክከታተልዎን ተገይሩ

## 2. መደባት ርክብ ህዝቢ

**ዕላማ 2.**

ቁልፊ መደብ እዚ ቢሮ ሕብረተሰብ ክፈልጦ ምግባር ኣብ ምንጋስ ሰናይ ምምሕዳር፣ ሰላምን ልምዓትን እጃሙ ከወፊ ምግባር፣

ሽቶ 1. ቢሮና ሰናይ ምምሕዳር ንምዕሳል ዝፈጠሮ ምቹው ኩነት ተቓሊሑ።

ዝርዝር ተግባራት

- ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ዝምልከት ዝወፁ መምርሕታት ምእካብ፣
- ዝተኣከቡ ደንብታት፣ መምርሕታት ምስ ዝምልከቶም ምንፃር
- እዚኦም ተጠሚሮም ብማዕኸናት ዜናን ብድሕረ ገፅን ምውዛዕ፣
- ብሕብረተሰብ ዝቐርቡ ርኢቶታት መብርሂ ምሃብ፣

ሽቶ 2. ኣብ ሓሙሽተ ወረዳታት ሰናይ ምምሕዳር ዝምልከት ብሉፃት ተመኩሮታት ተጠርኒፉ ተቓሊሑ።

ዝርዝር ተግባራት

- ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ኣብነት ዝኾኑ ወረዳታት/ ጣብያታት/ ምንፃር፣
- ዝተረኽበ ተመኩሮ ምጥንኻር፣
- ዝተረኽቡ ተመኩሮታት ብማዕኸናት ዜናን ብድሕረ ገፅን ምውዛዕ፣

**ዕላማ 3**

ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ዝትግብሮም መደባትን ፕሮግራማትን ኩሉ ክፈልጦምን ኣብ ዝግበር ከይዲ ዲሞክራስን ልምዓትን ዕዙዝ ተሳትፎ ክርኢ ተገይሩ።

ሽቶ 1. ኣብ ፕሮግራማት ህንፀት ዓቕሚ (CSRP, DLDP, JSRP, UMCBP,) 4 መደባት ምቅላሕ ።

ዝርዝር ተግባር

- ንመዛተዪ ዝኾኑ ኣብዘን ፕሮግራማት ዕሑፋት ምድላው፣
- ኣብዚ ርእሰ ጉዳይ ዝሳተፉ ኣካላት ምዕዳም፣
- ብማዕኸናት ዜና ክሓልፍ ምግባርን ምክትታልን
- ዝግበሩ ምንቅስቓሳት ምክትታልን ምዕብፃብን

ሽቶ 2. ፀብፃብን መደባትን ፍርቂ ዓመት ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ብማዕኸናት ዜናን ብድሕረ ገፅን ተወዚዑ፣

ዝርዝር ተግባራት

- ፀብፃብን ትልምን እዚ ቢሮ ምጥማር ምውዳብን፣
- ንማዕኸናት ዜናን ንኽልኦት ሜላታትን ብዝምቹ ምዕሓፍ፣
- ዝተረኸቡ ተመኩሮታትን ፍፃመታትን ብማዕኸናት ዜናን ብድሕረ ገፅን ምውዛዕ፣

ሽቶ 3. ኣብ ፕሮግራማት ህንፀት ዓቕምን ሰናይ ምምሕዳርን መሰረት ገይርካ ብጋዜጣ ውይንን ድወትን መደብ ተመሓላሊፉ።

ዝርዝር ተግባራት

- ዝትግበሩ ፕሮግራማት ተዘርዚሮም ህዝቢ ክፈልጦም ይቃልሑ፣
- ኣብ ፕሮግራም ምምሕያሽ ስቪል ሰርቪስ ሕድሕድ ንጥፈት ቢሮታት ይመሓላለፍ፣
- ዘሎ ንጥፈት ምዕቡልን ድኹምን ጎኒ ምንፃር፣
- ስሩዕ መደብ ዝመሓላለፈሉ ምንፃር

**ዕላማ 4**

ንጥፈታት ቢሮና ብሰራሕተኛታትን የእትወና በሃልትን ብግልፂ ክፍለጥ ምግባር፣

ሽቶ 1. ኣጠቓቕማ ፒስካፕ (PSCAP)ን ምምሕዳር ቤት ፍርድን ኣመልኪቱ ክልተ ፕረስ ኮንፈረስ ተኻይዱ፣

ዝርዝር ተግባራት

- ሕድሕድ ተጠቃሚ ኣካል ፒስካፕ ከመይ ይጥቀመሉ ከምዘሎ ይገልፅ፣
- ተጠቒምቲ ፒስካፕ ዝኮኑ ኣካላት መግለፂ ክህቡ ይሕተቱ፣
- ማእኸላት ዜና ዕድመ ይግበረሎም፣
- ኣብዚ ዝተረኸበ ሓሳበ ተጠሚሩ ብኻሊእ ሜላ'ውን ክመሓላለፍ ይግበር፣

ሽቶ 2. ብቢሮ ዝዳለዉ መምርሒታትን ደንብታትን ብተጠቀምቲ ተፈሊጦም፣

ዝርዝር ተግባርት

- ዝተዳለዉ መምርሒታትን ደንቢታትን ምንፃር፣
- ዝተዳለወ መምርሒ ብማዕኸናት ዜና ክሓልፍ ምግባር፣
- ንዝመፁ ርኢቶታትን ሕቶታትን መብርሂ መሃብ፣

ሽቶ 3. ኣብ ዝትግበሩ ዋዕላታትን ስልጠናታትን ክትትል ተገይሩ ተፀብፂቡ ፣

ዝርዝር ተግባራት

- ኣኼባ ይኹን ስልጠና ዝወሃበሉ ዕለት ኣቐዲምካ ምንፃር፣

- ማዕኸናት ዜና ክርከቡ ምዕዳም፣
- ኣኼባታት ኮኑ ዝወሃቡ ስልጠናታት ብምስልን ድምፅን ምሓዝ፣
- ዝተትሓዘ ሓበሬታ ዶኩመንት ገይርካ ምትሓዝ፣

ሽቶ 4. ኣብ ፕሮግራማት ምምሕያሽ ስቪል ሰርቪስ ኣብ 10 ኣብያተ ፅዮ ኣብነት ወሲድካ ብምጥማር ብማዕኸናት ዜና ተቓሊሑ።

ዝርዝር ተገባራት

- ኣብነት ዝተመርፃ ኣብያተ ፅዮ ምንፃር፣
- ከይዲ ንጥፈተን ምንፃር፣
- ዝተረኸበ ውፅኢት ጠሚርካ ብዜና ክሓልፍ ምግባር።

ሽቶ5. ኩነታት ከይዲ ኣሰራርሓ ለውጢ ኣብ ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ተቓሊሑ፣

ዝርዝር ተግባራት

- ሕድሕድ ኣብያተ ፅዮ ኣብ ኣሰራርሓ ለውጢ (BPR) ዝኸዶ ምንፃር፣
- ማዕኸናት ዜና ክከታተለኦ ምግባር፣
- ግልፂ ዘይኮኑ ነገራት መብርሂ ክረኽቡ ምግባር፣
- ኣብ ዝካየዱ ስልጠናታት ምክትታል፣
- በቢክልተ ሰሙኑ ዝካየድ መድረኽ ምክክር ተኸታቲልካ ምፅብፃብ፣
- ዝተረኸቡ ምዕባለታት ብዝተፈላለየ ኣግባብ ምውዛዕ፣

ሽቶ 6፡ ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ዝምልከቱ 2 ብሮሽራት ምድላው ።

ዝርዝር ተግባራት

- ዝግበሩ ዋዕላታት ምክትታልን ምትሕብባርን፣
- ብምስልን ድምፅን ሓበሬታ ምሓዝ፣
- ፅሑፋት ምጥንቓር/ ምድላው
- ተሓቲሙ ክወፅእ ምግባር፣
- ብግቡእ ተመዓራርዩ ዶኩሜንት ኮይኑ ክተሓዝ ምግባር፣

ሽቶ 7. ዌብ ሳይት /web site/ ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ተመሊኡ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ።

ዝርዝር ተግበራት

- ድሕረገፅ ዘሎ ምኻኑ ኣብ ኩሉ ፅሑፍና ምልላይ
- ኩሉ በቢዝምልከቶ ኽፅሕፍ ምንጋርን ፅሑፋት ምትእኽኻብን፣
- ሰሙናዊ ፅሑፍ ኣዳሊኻ ምምሕልላፍ፣

- ከም ቀንዲ መራኸቢ ቻነልና/ መስመርና/ ገይርካ ምጥቃም።

## 3. መደባት ስርዓተ ፃታ

*ዕላማ 5*

*ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልልና ዓቕመን ብምዕባይ ኣብ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ተሳትፎኣንን ተጠቃምነተንን ክዓቢ ምግባር። እዚ ዕላማ ንምስካዕ እዞም ዝስዕቡ ሽቶታት ይትግበሩ።*

*ሽቶ* 1- *ደቂ ኣንስስዮ ኣመልኪቱ ቢሮና ክሰርሖም ዝግባእ ስራሕቲ ምስ ዝምልከቶም ክኢላታት ብምትሕብባር መፅናዕቲ ተኻይዱ።*

- *ኣብ ሰራሕ ዘለዉ ሰልጠና፣ዕብየት፣ዝውውርን ካልኦት ጥቅማ ጥቕምን ምስ ነባራዊ ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ ዘለዎም ርክብ ምፅናዕ።*
- *ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ኢኮነምያውን ደቂ ኣንስትዮ ምስ ስርሓን ዝትትሓሓዘ ኩነታት ተሳትፎኣን ከመይ ከምዝመስል ምፅናዕን መፍትሒ ሓሳባት ምቕራብን፣*
- *ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣመራርሓ እንታይ ከምዝመስል ምፅናዕ፣*

*ሽቶ* 2- *ናይቲ ቢሮ ስትራተጀካዊ ትልሚ፣ ዓመታዊ ትልሚ፣ ስራሕቲን ካልኦት ምስቲ ቢሮን ምስ ስርዓተ ፆታን ዝተተሓሓዙ ፖሊሲ፣ ስትራተጂ፣ ፓኬጃትን ከምኡውን ካልኦት መረዳእታታትን ተኣኪቡ፣ ታፋሊጡ።*

- *ስትራቴጂካዊ ትልምን ዓመታዊ ትልምን እቲ ቢሮ ብምርካብ ናይቲ ቢሮ ስራሕቲ ብንፁር ምፍላጥ፣*2*ተ ግዜ*
- *ምስ ኣብ ክልል ቢሮታትዝርከባ ስርዓተ ፆታ አክስፐርትታትን ካልኦትን ናይ ልውውጥ ልምዲ ምግባር* 3*ተ ግዜ*
- *ንደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ብሃገር ደረጃ ዝወፀ መምርሕታት ፖሊሰታትን ሕግታትን ካልኦት ኣድለይቲ ማተርያላትን ምእካብን ኣነፂርካ ምፍላጥን*(Quantify) *ብዝመፅዎ መሰረት*

*ሽቶ* 3- *ኣብ ቢሮና ዘለዉ መምርሕታት ከምኡ ውን ኣብ ዝቐርቡ ፀብፃባትን ኣብተን ዘለዋ ኮሚቴታትን ዘለዋ ደቂ ኣንሰትዮ መምርሕታት ፊሊጠን ንጡፍ ተሳትፎ ንክገብራ ተዘርጊሑ።*

- *ኣብ ቢሮና ዘለዉ ደምብታት መምርሕታት ብዓይኒ ስርዓተ ፆታ ምድህሳስ(ክንደይ መምርሒታት)* 1 *መምርሒ*

- ኣብቲ ቢሮ ዝቀርቡ ናይ ርባዕ፣ ፍርቅን ዓመታዊ ፀብፃባትን ስርዓተ ፆታ ዘካተቱ ምኻኖም ምክትታልን(gender auditing system) ምጥቃምን 2ተግዜ ማለት ርባዕ፣ ዓመታዊ ፀብፃባትን
- ኣብቲ ቢሮ ኣብ ዝተጣየሹ ኮሚቴታት ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ሕድሕድ መምርሕታት ንክፈልጣ ብምግባር ምሕጋዝ 2ተመምርሕታት መምርሒ ምልመላን መረፃን፣ ደንቢ ስነ ስርዓት ኣፈፃፅማ ድስፕሊንን ኣቀራርባ ቅሬታን

ሽቶ 4- ስርዓተ ፆታ ኣመልኪቱ ስራሕቲ ዓቕሚ ምዕባይ ስልጠና ምውሳድን ኣብቲ ስልጠና ዝተረከበ ሓሳባት ኣማዕቢልካ ንቢሮና ሰራሕተኛታት ትምህርቲ ተዋሂቡ።

- ንኩለን ናይ ቢሮና ኪኢላታት ብፍላይ ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተ"ታት ስርዓተ ፆታ ኣመልኪቱ ስልጠና ምሃብ 28 ንደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተ"ታት እቶም ስልጠናታት ድማ ፖሊሲይ ደቂ ኣንስትዮ ፓኬጅ ደቂ ኣንስትዮ
- ኣብ ቢሮና ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ሞየኣን ዝተትሓሓዘ ዓቕመን ከዕብያሉ ዝኽእላ ስልጠና ክወስዳ ምግባር 4ተንደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተ"ታት ኣብ ደብረዘይት
- ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዝርራብ መራሒት እቲ ሰራሕ ናይ መሰልጠንቲ ስልጠና ክትወስድ ምግባር 2ተ ደቂ ኣንስትዮ ደብረዘይት
- ቢሮና ምስ ወረዳ መሓውራቱ ኣብ ዘካይዶም ፕሮግራማት ስልጠና መድረኽ መፍጠሪ ግንዛቤ ስርዓተ ፆታ ምምችቻው፣

ሽቶ 5- ደቂ ኣንስትዮ ኣመልኪቶም ክስርሑ ዝግቦኦም ስራሕቲ ከትትልን ሓገዝን ተገይሩ።

- ኣብ ትሕቲ ቢሮና ዝርከቡ ወረዳታት ኣብያተ ፅሕፈታት ኣብ ስርዓተ ፆታ ኣመልኪቶም ክሰርሑሎም ዝግብኦም ስራሕቲ መመላኽትቲ /ኣንፈት/ምሃብን ምሕጋዝን 46 ወረዳ
- ኣብ ቢሮና ብትልሚ ዝተትሓዙ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ንደቂ ኣንስትዮ ዘካተቱ ምኻኖም ምርግጋፅ።

ሽቶ 6- ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝርከባሉ ኩነታት ስራሕ ዝገልፅ መረዳእታ ምትእኽኻብን ብኣንፃር ስርዓተ ፆታ ተዳህሲሱ።

- ፕሮፋይል ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልልን ወረዳን ኩሉን ኣብያተ ፅሕፈት ህንፀት ዓቅሚ ብትምህርቲ፣ብስራሕ ልምዲ ብዕድመ ወዘተ ምንፃር፣
- ኣብ ኩሉን ኣብያተ ፅሕፈት ህንፀት ዓቕሚ ክልልን ወረዳን ደቂ ኣንስተዮ ዘለወን ደረጃ ሓላፍነት ምንፃር

## 4. ምትእትታው ስርዓት ትልምን ፀብፃብን

**ዕላማ 6**

*ኣፈፃፅማ ስትራቴጂክ ትልሚ ቢሮና በቲ ዝድለን ትኽክለኛ ብዝኾነ ኣንፈትን ይኸይድ ምህላው ምርግጋፅ*

ሸቶ 1፦ኣብ 15 ወረዳታት ከይዲ ስራሕ ምፍታሽ (Monitoring) ፣ዝተረኸበ ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ ፀብፃብ ተዳልዩ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ቀሪቡ፣

ዝርዝር ተግባራት

- ዓቕሚ በጀት፣ሓይሊሰብን ካልኦት ቀረባትን ቢሮና ኣብ ግምት ብምእታው መፅናዕቲ ዝካየደለን ወረዳታት መሕረዪ ረቛሒታት ምንፃር፣
- ነቲ መፅናዕቲ ዝሕግዝ ቼክሊስት ምድላው፣
- ናብ ዝተሓረያ ወረዳታት ብምኻድ መረዳእታ ምእካብ፣
- ሪፖርት ተዳልዩ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ምቕራብ፣

ሸቶ 2 ፦ ሕድሕድ ክፍልታትን ወረዳታ ኣብያተ ፅሕፈት ህንፀት ዓቕምን ኣብ ዓመታዊ ትልመን ሒዘንኦ ዝነበራ ስራሕቲ ተገምጊሞም፣ዘይተተግበሩ ስራሕቲ ተነፂሮም ኣብቶም ተሪፎምና ዘለው ዓመታት ዝፍፀሙሉ ኩነታት ተመቻችዩ፣

ዝርዝር ተግባራት

- ዓመታዊ ትልሚ ሕድሕድ ክፍሊታት ስራሕ እቲ ቢሮ ምስ ስትራቴጂክ ትልሚ 5 ዓመት ዘለዎ ተዛማድነትን ኣፈላላይን ምግምጋም ፣
- ኣብ ስትራቴጂክ ትልሚ እቲ ቢሮ ክሳብ እዚ ሒዝናዮ ዘለና በጀት ዓመት ክፍፀሙ እናተገበኦም ዘይተፈፀሙ መደባት ነፂርካ ምውፃእ፣
- እቶም ዘይተፈፀሙ ስራሕቲ ኣብቶም ተሪፎምና ዘለው እዋናት መፈፀሚ ስትራቴጂክ ትልሚ ተኣታትዮም ዝፍፀሙሉ ኩነታት ምፅናዕን ንዝምልከቶ ኣካል ምቕራብን፣

ዕላማ 7

ዕፉፍ፣ዝተዋደደን ዘመናዊ ስርዓት ኣታሕዛ ፀብፃብ ዝተኸተለን ኣካይዳ ክህሉ ምግባር፣ኣፈፃፅማ ትልሚ መምርሒታትን ወረዳታትን ምሕጋዝን፣

ሸቶ 1 ፦ ዓመታውን ናይ 9 ወርሕን ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ናይ'ቲ ቢሮ ብምድላው ናብ ዝምልከቶ ኣካል ቀሪቡ።

ዝርዝር ተግባራት

- ወረዳታትን መምርሒታትን ፀብፃባተን ብእዋኑ ክልእኻ ምትሕብባር፣
- ካብ ሕድሕድ መምርሕን ወረዳን ዝመፁ 9 ወርሕን ዓመታውን ፀብፃባት መሰረት ብምግባር ጠቕላላ ናይቲ ቢሮ ፀብፃብ ምድላው፣
- ሕድሕድ ወረዳታትን መምርሒታትን ዘዳለውኦ ትልምን ፀብፃብን መሰረት መዐቀኒታት ብምውፃእ ስርርዕ ምክያድ፣

ሸቶ 2 ፦ ትልሚ 2001 ዓ/ም ቢሮና ፅፉፍ ብዝኾነ መንገዲ ንምድላው ኣድላዩ ቅድመ ምድላው ተኻይዱ።

ዝርዝር ተግባራት

- ሕድሕድ ክፍሊታት እቲ ቢሮ ዘዳለውኦ ትልምን ፀብፃብን 3 ወርሒ፣6 ወርሒ፣9 ወርሕን ዓመታውን ደረጅኦም ዝሓለውን ተመሳሳልነት ቅርፂ ኣሰራርሓ ንክኽተሉ ዘኽእሉ ቅጥዒታትን ማኑዋላትን ብምድላው ምክፍፋል፣
- ወረዳታት ዘዳለውኦ ትልምን ፀብፃብ 3 ወርሒ፣6 ወርሒ፣9 ወርሕን ዓመታውን ደረጅኦም ዝሓለውን ተመሳሳልነት ቅርፂ ኣሰራርሓ ንክኽተሉ ዘኽእሉ ቅጥዒታትን ማኑዋላትን ብምድላው ምክፍፋል፣

## IV. ስርዓት ክትትልን ደገፍን

- መምርሒታት በብሰሙን ካብ 1 ሰዓት ንዘይበዝሕ ጊዜ ልውውጥ ሓበሬታ ኣፈፃፅማ መደብ ይገብሩ።
- ዘፈራት ኣብ 2 ሰሙን 1 ጊዜ ልውውጥ ሓበሬታ ኣፈፃፅማ መደብ ይገብሩ
- ላዕለዋይ ማናጅመንት /ኣመራርሓ ቢሮ/ በብሰሙኑ ዓርቢ ኣኼባ ይገብር
- ናይ 3 ወርሒ፣ ናይ 6 ወርሕን ዓመታዊን ፀብፃባት በብብርኩ ተሰሪሖም ናብ ግልጋሎት ትልምን ፕሮግራምን ይለኣኹ
- ቢሮ ንናይ ቢሮ/ሰብ ሞያ ሓዊሱ 3 ወርሓዊ ናይ ½ መዓልቲ ገምጋም ይካይድ

- ኣብ ዓመት ክልተ ጊዜ ምስ ወረዳታትን፣ ምስ ኣብ ቢሮ ዘለው ሰራሕተኛታትን ብሓባር ገምጋም ይካየድ
- ወረዳታት በብ 3 ወርሒ፣ 6 ወርሒን ዓመት ምስ ተጠቓለለን ፀብፃብ ናብ ቢሮ የቕርቡ። ንዝልኣኹ ፀብፃብት መሰረት ዝገበረ ግብረ መልሲ'ውን ይወሃብ። ወርሓዊ ሓፀርቲ ሓበሬታት'ውን ካብ ወረዳ  ናብ ክልል ይለኣኹ።
- ቢሮ ቸክ ሊስት ብምድላው ኣብ ዓመት 2 ጊዜ ናይ ሰፐርቪዥንን ደህሳስን ስራሕቲ ይሰርሕ
- ወረዳ ምስ ጣብያ'ውን ስሩዕ  ገምጋምን ፀብፃብ ዝላኣኽሉን ስርዓት የተኣታቱ
- ክልል ምስ ወረዳ ኣብያተ ፅሕፈት ናይ ሓባር ስራሕቲ ኣመልኪቱ ናይ ሓባር ገምገም ዝገብርሉ /በብ 3 ወርሒ/ ስርዓት የተኣታቱ
- ባዕሉ ዝኸኣለ ዝፍፀም ዓብይ መደብ እንትህሉ ግን ንባዕሉ ፀብፃብ ይለኣኽሉ።

## ***ሓበሬታ***

- ኩለን መምርሐታትን ነዚ ትልሚ'ዙይ መሰረት ዝገበረን ኣድላይ መደብ ማዓዝ፣ ኣበይ ይፍፀም ዝብል ዝሓዘ ዝርዝር ትልሚ ኣለወን።
- ንነብሲ ወከፍ መደባት መተግበሪ ፕላን (Action plan) ተዳልዩ ኣሎ እዙይ ንፁር ኣፈፃፅማ መደባት ዘርኢ ሰደቓ እዩ።

## V. መተግበሪ ትልሚ

ነዚ ቅጥዒ'ዚ ዝመልአ ሰብ ሽም፡--------------------------------
ሓላፍነት፡----------------------------------------------------
ዕለት ----------------------------------------------------
ናይ ዘረጋገፀ ሓላፊ ሽምን ፊርማን ----------------------------

### መተግበሪ ትልሚ (Action plan)

ዕላማ -------------------------------------------------------------------
-------------------------------------------------------------------
-------------------------------------------------------------------

| ተ.ቁ | ርእሲ | ኣተገባብራ/ኣፈፃፅማ | | | | | ክትትልን ገምጋምን | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ተግባራት፡- ዝስርሑ ዝርዝር ስራሕቲ እንታይ እንታይ'ዮም? | ብመን ይስርሑ? | መዓዝ ይስርሑ? | እንታይ resource ትጥቀም | Fiscal year | መርኣዩ መረጋገፂ ምዕባለ'ቶም ስራሕቲ እንታይ'ዮም /indicators/ ? | እቶም መርኣዩ መረጋገፂ ምዕባለ ብኸመይን መዓዝን ይእከቡ? |
| | | | | | | | | |
| | | | | | | | | |
| | | | | | | | | |
| | | | | | | | | |
| | | | | | | | | |
| | | | | | | | | |

# መቆፃፀሪ ቅጥዒ (check list)

1. በዓል ዋና፡ መምርሒ/ግልጋሎት/ወረዳ -------------------------

2. እዚ ፀብፃብ ዝሽፍኖ ግዜ፡ካብ -------------------- ክሳብ -------

3. ዝተተለሙ መደባት

3.1. ዝተተለሙ ዝርዝር ቁልፊ መደባት 1. ------------------------------
2. ------------------------------
3. ------------------------------

ዝተፈፀሙ ዝርዝር ቁልፊ መደባት 1. ------------------------------
2. ------------------------------
3. ------------------------------

ዘይተፈፀሙ ዝርዝር ቁልፊ መደባት 1. -------------------------------
ምስ ምክንያቶም 2. -------------------------------
3. -------------------------------

3.2. ዝተተለሙ ዝርዝር ዓበይቲ መደባት 1. ------------------------------
2. ------------------------------
3. ------------------------------

ዝተፈፀሙ ዝርዝር ዓበይቲ መደባት 1. -----------------------------
2. ------------------------------
3. ------------------------------

ዘይተፈፀሙ ዝርዝር ዓበይቲ መደባት 1. -----------------------------
ምስ ምክንያቶም 2. -----------------------------
3. -----------------------------

3.3. ዝተተለሙ ዝርዝር ንኡሳን መደባት 1. ------------------------------
2. ------------------------------
3. ------------------------------

ዝተፈፀሙ ዝርዝር ንኡሳን መደባት 1. -----------------------------
2. ------------------------------
3. ------------------------------

ዘይተፈፀሙ ዝርዝር ንኡሳን መደባት 1. -----------------------------
ምስ ምክንያቶም 2. -----------------------------
3. -----------------------------

## 4. ኣፈፃፅማ ትልሚ ብሚኢታዊት

4.1. ቁልፊ መደባት ---------------%

4.2. ዓበይቲ መደባት ---------------%

4.3. ንኡሳን መደባት ---------------%

## 5. ኣብ ከይዲ ኣፈፃፅማ ዝነበሩ ጥንኩሩን ድኹምን ጎንታት

5.1. ጥንኻር ጎኒታት ------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------

5.2. ድኹም ጎኒታት ------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------

## 6. ኣብ ከይዲ ኣፈፃፅማ ዘጋጠሙ ቀንዲ ፀገማት

6.1. -----------------------------------------------------------------

6.2. -----------------------------------------------------------------

6.3. -----------------------------------------------------------------

## 7. ዝተወሰዱ ናይ መፍትሒ ስጉምቲታት

7.1. -----------------------------------------------------------------

7.2. -----------------------------------------------------------------

7.3. -----------------------------------------------------------------

## 8. ንቅድሚት ትኹረት ዘድልዮም ጉዳያት

8.1. -----------------------------------------------------------------

8.2. -----------------------------------------------------------------

8.3. -----------------------------------------------------------------

## 9. መጠቓለሊ ----------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------

| ነዚ ዘዳለወ | ነዚ ዘፅደቐ |
|---|---|
| ስም ---------------------------- | ስም ---------------------------- |
| ሓላፍነት ----------------------- | ሓላፍነት ----------------------- |
| ክታም ------------------------- | ክታም ------------------------- |
| ዕለት -------------------------- | ዕለት -------------------------- |

## *ዝተውሃበ ስልጠና መምልኢ ቅጥዒ*

*በዓል ዋና ፤ መምርሒ / ግልጋሎት/ ወረዳ* -------------------------------------------------

| ቁ.ተ | ዛዕባ ስልጠና | ዕላማ ስልጠና | ጊዜ ስልጠና | ቦታ ስልጠና | ዓይነት ሰልጠንቲ | ወሃቢ ስልጠና | በዝሒ ሰልጠንቲ | | | ዕግበት ሰልጠንቲ | ካልእ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | | | ተባ | ኣነ | ድምር | | |
| | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | |